# ህዝባዊ ደሞክራሲ

**ኣብ ከክልተ ወርሒ ዝሕተም ወግዓዊ ልሳን**

**ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ**

**(ደግሓኤ)**

**ቅጺ፡05 ቁ፡24** **ሕዳር 2019**

# ትሕዝቶ

- ርእሰ-ዓንቀጽ፥
- ተወሃሂዱ ክቃለስ ዘይበቕዐ ሓይሊ፡ ክዕወት ኣይክእልን እዩ፥
- ሓርበኛዊ ተራ ሃይማኖታውን መራሕቲ ኤርትራ፥ ካልኣይ ክፋል:
- ሕቶ ደሞክራስን ዘይምእኩል ስርዓተ-ምሕደራን፥
- ካብ ህዝባዊ ተቓውሞ ተሞኩሮ ሱዳንን ኣልጀርያን…ካላኣይ ክፋል፥
- ናይ ኣንበብቲ ዓምዲ፥
    - ካብ ዃናትን ወረ ዃናትን ዘይዓርፍ ስርዓት፡ ይኣክል ካበይ ናበይ?፥
    -

E-mail:- hidemocrasi@yahoo.com

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ተወሃሂዱ ክቃለስ ዘይበቐዐ ሓይሊ፡ ክዕወት ኣይክእልን እዩ፡

ምውህሃድ ዝብል ኣምራዊ ቃል ኣብ ሕብረተ-ሰብና ይኹን ኣብ መስርሕ ህዝባዊ ቃልስና፡ ተደጋጊሙ ዝለዓልን ዝዝረበሉን እኳ እንተኾነ፡ ተቓላሳይ ሓይልና ቅድም ክብል ይኹን ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ምውህሃድ ዝባሃል ጉዳይ ኩሉ-መዳያዊ ዓቕም'ኻን ፍልጠትካን ኣቀራሪብካን ኣዋዲድካን ዘለካ ውልቀ ፍሉይ ፖለቲካዊ እምነት ይኹን ናይ ካልኦት እምነታት፡ ከም ዘለዎ ብምዕቃብ፡ ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ክወፍር ብምግባር ምቅላስ ኣብቲ ህዝባዊ ቃልሲ ኣድማዒ ምዃኑ ብምርዳእ ኣብ ምጥቃም ጸገም ጸኒሑን ኣሎን እዩ።

እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ተወሃሂድካ ምቅላስ ነቲ ፍሉይ ፖለቲካዊ እምነታት ናይቶም ተወሃሂዶም ክቃለሱ ዝኽእሉ ፖለቲካዊ ውድባትን ካለኦትን'ውን እንተኾነ፡ ብግዜ ኣንጻር እዋናዊ ዕማማቶም ዘሳልጥን ዝዓምምን ክነሱ፡ ግቡእ ቆላሕታ ምሃብን ብኡ መጠን ሓቢርካ ምስራሕን ኣድማዒ ሓባራዊ ናይ ቃልሲ ዕማማት ምስልሳል ክብቃዕ ዝተኻእለ ኣይነበረን፡ ክሳብ ሕጂ'ውን ገና ከምቲ ዝድለ ዝተበቐዐ ኣይኮነን።

ብኣንጻሩ ኣብ ሕሉፍ መስርሕ ቃልስና ይኹን ህልዊ፡ ተወሃሂድካ ምቅላስ ከም ዘይኣድማዒ ጌርካ ብምርኣይ፡ ተወሃሂድካ ኣብ ምቅላስ መስርሕ፡ ሓደ ሓይሊ ነቲ ካልእ ሓይሊ /ውድብ/ ክዕብልሎን ክውሕጦን ከም ዝኽእል ዓቢ ስግኣት ኣብ ገዛእ ነብስኻ ብምዕሳል፡ ንኣድላይነት ናይ ውሁድ ኣገባብ ቃልሲ ትሑት ግምት ብምሃብ፡ ካብ ክመጽካ ዝኽእል ናይ ምዕብላል ኩነታት ክከላኸል ዝኽእል ዓቕሚ /ሓይሊ/ ክሳብ ዘይወነንካ ዘሎ ግዜ፡ ተወሃሂድካ ንምቅላስ ብዝኾነ ኣካል ንዝግበር ተበግሶን ምንቅስቓስን ዘይምድጋፍን፡ ኣብኡ ዘይምስታፍን፡ ኣብ ናይ ትዕዝብቲ ደረት ትርኢት ነብስኻ ምቕማጥ፡ ናይ ተቓለስቲ ሓይልታት ዝተወሃሃደ ቃልሲ ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ከይጠናኸር ኣሉታዊ ተራ ምጽዋትን ግጉይ ግንዛበ ብምሓዝ ብወድዕነት ምዕንቃፍን ዝኣመሰለ ተራ ምጽዋት ነይሩን ገና ኣሎን እዩ።

ብምኳኑ ድማ እዚ ግጉይ ተረደኦ'ዚ ኣብቲ ቀዳማይ መስርሕ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝካየድ ዝነበረ መስርሕ ህዝባዊ ዕጥቃዊ ቃልስና፡ ሃገራዊ ተቓላሳይ ዓቕምና ተወሃሂዱ ኣንጻር ባዕዳዊ ጸላኢ ምቅላስ ካብ ዘይምብቃዕ ሓሊፉ፡ ነቲ ዝርካቡ ሃገራዊ ዓቕምና "ሜዳ ኤርትራ መን በሓተ" ዝብል ግጉይ ናይ ዕብለላን ምጽራይን ፖለቲካዊ እምነት ዝመበገሲኡ፡ ኣብ ሕድሕድ ምርጻም /ቱናት/ እናተኣትወ ብዙሕ ናይ ሰብ ሂወት ሃሊቑን ከቢድ ስንክልና ኣስዒቡ እዩ። እዚ ድኹም ጐኒ ተርእዮ ናይ ቃልስና'ዚ ድማ፡ ንባዕዳዊ መግዛእታዊ ሓይሊ ዕድመ ጨቋኒ ስልጣኑ ኣብ ሃገርና ከናውሕን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ተወሳኺ መግዛእታዊ ኣደራዓት ክፍጽም ዘኽኣሎ ናይ ቃልስና ጉድለት ናይ ቀረባ ተዘክሮና እዩ።

ብናይ ህዝብታትና መሪር ቃልስን ከቢድ መስዋእትን፡ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ምስ ተወገደ፡ ኣብ ዝቐጸለ መስርሕ ቃልሲ፡ ኣንጻር ዘቤታዊ ጨቋኒ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ክግበር ዝጸንሐን ዝቕጽል ዘሎን ቃልሲ'ውን እንተኾነ፡ ጉዳይ ተወሃሂድካ ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ /ህግደፍ/ ምቅላስ፡ ብጥንቁቕ ክንመዝን እንከለና፡ ብወድዓወን ባዕላውን ምኽንያታት ተቓወምቲ ውድባትና ከምቲ ናይ ቀደም ኣብ ደማዊ ሕድሕድ ግጭት ምብጻሕ ዘይተራእየ ስለዝኾነ ብኣወንታ ክረአ ዝካኣል እዩ። ብተወሳኺ እቲ ዝተፈላለዩ ግንባራት ብምምስራት ብመልክዕ ስሙር ሃገራዊ ግንባር ልፍንቲ ብፍጣር ክካየድ ዝጸንሐን ዝካየድ ዘሎን ኣገባብ ቃልሲ ብዝያዳ ተወሃሂዱ ክቃለስ ንክበቅዕ ተወሳኺ ጻዕረታት ዘድልዮ'ኳ እንተኾነ፡ ብኣወንታ ዝረአ እዩ።

እዚ ኣወንታዊ ጎኒታት'ዚ ብዓይኒ ተወሃሂድካ ክካየድ ዝግበኦ ቃልሲ ክምዘን እንከሎ ግን፡ እቲ ኣብ ዝተፈላላዩ ግንባራት /ጽላላት/ ተወሃሂዱ ክቃለስ ዘጽለለ ሓይልታት'ውን እንተኾነ፡ ብናይ ጽበትን ትምክሕትን ኣተሓሳስባታት እናተጸገመ፡ ናይ ውልቃውን ጉጅላውን ናይ ቀረባን ርሑቕን ፍሉይ ጠቕምታት እናበሃገ ይዋሳእ ስለ ዘሎ፡ ተወሃሂዱ ክሰርሖ ዝግባእ ናይ ቀልሲ ዕማማት ዓንቀፍቀፍ ኣናበለ ዝጭበጥ ኣድማዕነት የርኢ. ስለ ዘየሎ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ'ውን እንተኾነ፡ ተወሃሂድካ ክካየድ ዝገበኦ ሃገራዊ ሓበራዊ ናይ ቃልሲ ዕማማት ዳርጋ ዝበኾረ እዩ ክባሃል ዝካኣል እዩ።

ተቓዋሚ ሓልታትና ስለምንታይ እዩ ኣብ ሓደ ሓቛፊ ዝኾነ ስሙር ሃገራዊ ግንባር /ጽላል/ ኩሉ ተጠርኒፉ ኣድማዒ ውሁድ ቃልሲ ከካይድ ዘይበቅዕ ዘሎ ዝብል ኣገዳሲ ሕቶ ክንድህስስ እንከለና፡ እንረኽቦ ምኽንያታት ገለ ካብ ብዙሓት ውሑዳት ንምጥቃስ ዝኣክል፤

. ኣብ ህዝብታትና ናይ ተቓወምቲ ውድባት ፍልልያት፡ ድኽመታትን ጌጋታትን ክግምግምን ፖለቲካዊ ፍርዲ ክህብ ዘኽእል ፖለቲካዊ ንቕሓት ብከምቲ ዝድለ ክጥረ /ክውንን/ ዘይምኽኣሉ፡ ካብዚ ዝብገስ ንተቓወምቲ ወድባት ብሓፈሽኡ ካብ ምቕባል፡ ምሕቛፍን ምትብባዕን ሓሊፉ፡ ንዘለወን ፖለቲካዊ ድኽመታትን ጌጋታትን ኣብ ምእራም፡ ግጉይን ቅኑዕን ኣብ ምፍላይን ብኡ መጠን ኣብ ምቅላስን፡ ናይ ህዝብታትና ንቑሕ ተሳትፎ ብኩራት ብወድዕነቱ ህልዊ ብምኻኑ።

እዚ ፖለቲካዊ ወድዕነት እዚ ካኣ፡ ተቓወምቲ ውድባትና ካብ ህዝብታትና ኣገዳሲ ፖለቲካዊ ሓገዝ እናረኸቡ፡ እቶም ካብ ጉድለታቶምን ጌገኦምን ክመሃሩ ዝኽእሉ ወድባት፡ ካብ ጌጋኦም እናተማህሩ፡ ውሁድን ሓላፍነታውን ኣገባብ ቃልሲ ተኸቲሎም ክቃለሱ ንክበቕዑ፡ እቶም ተወሃሂዶም ክቃለሱ ዘይመርጹ፡ ውልቃውን ጉጅላውን ጠቕሞምን ባህጎምን ዘቐድሙ ውድባት ድማ፡ ካብ ድኽመታቶም ከይናገፉን፡ ግጉይ ድሌቶምን ኣካይደኦምን ከይቃልዑን ከይእረሙን ዝገብር ፖለቲካዊ ባይታ ህልው ብምኻኑ'ውን ከም ዘይሓጋዚ ምኽንያት ክውሰድ ዝካኣል እዩ።

. እቲ ናይ ህዝብን ሃገርን ሓላፍነት ክስከም ዝኽእል ወራስ ታሪኽ ዝኾነ ኤርትራዊ መንእሰይ ወለዶና፡ ካብ ሕብረተ-ሰብና ዝወርሶ ውሱን ፖለቲካዊ ንቕሓት ከም ዘለዎ ኮይኑ፡ ብቐንዱ ድማ ብኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ፖለቲካውን ህዝባውን ጉዳያት ከይሳተፍ፡ ኣመት ፖለቲካ ንከይገብር፡ ሃናጺ ፍልጠት ከይረክብ ዝተሓረመን፡ በቲ ናይቲ ጨቛኒ ስርዓት ኣስካርን ኣዕናውን ፖለቲካዊ ኣስተምህሮ ንጹህ ኣእምርኡ ክብከልን ጀሆ ክተሓዝን ስለዝግበር ብሓደ ገጽ፤ በቲ ካልእ ገጽ ድማ፡ ካብ ተቓወምቲ ወድባት ክረኽቦ ዝግባእ ፖለቲካዊ ፍልጠት፡ ሓገዝን ምትብባዕን ተሞኩሮ ምውርራስን፡ ብከምቲ ዝግባእ ክረክብ ስለ ዘይጸንሐ፡ ዳርጋ ዝበኾረ እዩ ክበሃል'ውን ስለ ዝካኣል።

ስለዝኾነ መንእሰይ ወለዶና ህዝብን ሃገርን ዘሰክሞ ታሪኻዊ ሓላፍነት ብብቕዓት ምርካብ፡ ኣብ ዘኽእል ወድዓውን ባዕላወን ኩነታት ብዘይምህላዉ፡ /ዋላ'ኳ ኣብ ፖለቲካ ብዓቕሙ ይዋሳእ እንተሃለወ/ ኣብ ዓውዲ ፖለቲካ እናተሳተፈ፡ ናይ ተቓወምቲ ውድባትና ድኽመታትን ጸገማትን ብልክዕ ተረዲኡ፡ ኣብ ምፍታሕ ኣወንታዊ ተጽዕኖ ምግባርን፡ ኣብ መንእሰያትና ዝረአ ዘሎ ፖለቲካዊ ድኽመታት ብወድዕነቱ ናይ ገዛእ ርእሱ ኣሉታዊ ኣስተዋጽኦ የበርክት ብምህላዉ'ውን እዩ።

. ኣብ ደምበ ተቓውሞና ብሓፈሻ፡ ካብ ፖለቲካዊ ባህረን እምነትን ናይቶም ተቓለስቲ ኣካላት ዝብገስ ተኣማሚንካ፡ ተወሃሂድካን ተደጋጊፍካን ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ /ህግደፍ/ ምቅላስ ዘይብቃዕ ዘሎ ቀንዲ ምኽንያት፡ ብግዜን ኩነታትን ኣንጻር ክረጋገጽ ዘይካል ፖለቲካዊ ስልጣን ናይ ምርካብ ዝንጸባረቕ ዘሎ ግጉይ ባህጊ ህልዊ ብምኻኑን፡ ንስለ ምርግጋጹ ክባሃል ናይ ሓባራዊ ዓቕሚ ኣስተዋጽኦን ተራን ግቡእ ግምት ዘይህብ ኩነታት ብምህላዉ፡ ንህልዊ ፖለቲካዊ ፍልልያት ብጸጋ ተቐቢልካን ኣኽቢርካን፡ ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ተወሃሂድካ ክትቃለስ ዘይምብቃዕን ብወድዕነቱ ህልዊ ስለ ዝኾነን።

ከምኡ'ውን መብዛሕትኡ ተቓዋሚ ሓይልና፡ ናይ ፖለቲካዊ እምነትን መልክዕ ውደባን ፍልልይ ኣብ ዘይብሉ ጉጅለታት፡ ውድባትን ግንባራትን ተመቓቒሉ፡ ኣብ ሕድሕዱ ናይ ምስኽኻፍን ምንጽጻግን ፖለቲካዊ ስነ-ኣእምሮኣዊ መንፈስ ብምሓዝ ይቃለስ ስለ ዘሎን እዩ። እዚ ካኣ ተቓዋሚ ሓይልና ሕድሕድ ምውህሃድ በዅሩዎ ተነጻጺሉ ኣብ ኣድማዕነት ዘይብሉ መስርሕ ቃልሲ ጋም-ማን እናበለ ክሃልኽ ዝገብር ዘሎ ኣሉታዊ ፖለቲካዊ ተርእዮ እዩ።

ተቓወምቲ ውድባትና ኣብ ክሊ ክምዚ ዝኣምሰለ ዘይውሁድን ዘይኣድማዕን ናይ ቃልሲ ኩነታት እናነጠፉ እንከለዉ፡ ብርክት ዝበሉ ፖለቲካዊ ውድባትን ስቪክ-ማሕበረ-ሰባትን ዝተፈላለዩ ግንባራት ብምምስራት ይቃለሳ ብምህለወን ብኣወንታ ዝረአን ክተባባዕ ዝግበኦን ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። ይዅን ዳኣምበር፡ ብርክት ዝበሉ ውድባት ኣብ ግንባራት ኣሲሎም ክቃለሱ ምምራጾምን ምፍታኖምን ሓደ ጽቡቕ ጅማሮ ናይ ሓቢርካን ተወሃሂድካን ምቅላስ ኣገባብ ኮይኑ፡ ኣብ ባህርያተን ይዅን ተወሃሂድካ ናይ ምቅላስ ንጥፈታተን ግን ካብቶም ካለኦት ውድባት ዝሓሸ ብኣብነት ከግልጽ ዝኽእል ከርእያ ይበቕዓ ብዘይምህላወን፡ እቲ ትስፉው ንቕሎኦን ከም ዘለዎ እናሃለወ፡ ካብቲ መስርዕ ተወሃሂድካ ዘይምቅላስ ዝፈጠሮ ድኽመታትን ጸገማትን ክሊ ክሳገሩ ዝኽኣላ ኣይኮናን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካብ ድኽመታተን ንምንጋፍ ዝያዳ ሓላፍነታዊ ዝዀነ ቃልሲ ክካይዳ'ውን እየን ብህዝብን ሃገርን ዝሕተታ ዘለዋ።

እዞም ዝተፈላለየ ምኽንያታት ዝመበገሲኦም ኣብ ኣባላት ተቓወምቲ ውድባትና ዝረኣዩ ዘለዉ ጉድለታት /ብኩራት/፡ ናይ ቃልሲ እዚኣቶም ተደሚሮም ዝህብዎ ትርጉምን መግለጽን እንተሃለወ፡ ተቓወምቲ ሓይልታትና ተወሃሂዶምን ተደጋጊፎምን ክቓለሱ ዘይምብቀየም፡ ዝፍጠር ዘሎ ናይ ቃልሲ ብደሆታት ምዃኑ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ሃገራዊ ዓቕምታትና ኣዋፊድና ተወሃሂድናን ተደጋጊፍናን ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢና /ህግደፍ/ ክንቃለስ እንተዘይበቒዕና ከምቲ "ተወሃሂዱ ክቃለስ ዘይበቕዐ ሓይሊ ክዕወት ኣይክእልን እዩ" ዝባሃል ምስላ ጉድለታትና ከይረኣናን ከየማሓየሽናን ክንዲ ዝዀነ ዋጋ ናይ ቃልሲ ንኸፈል፡ ተቓሊስና ክንዕወት ከም ዘይንኽእል'ውን እዩ ክውንነትና ብንጹር ዝሕብረና ዘሎ።
ስለዚ ክንቃለስ ዘገድደና፡ ኩሉ-መዳያዊ ጭቆናን መዝመዛን፡ ግህሰት ሰብኣዊ መሰልን ኣድልዎን፡ ስእነት ፍትሕን ደሞክራስን፡ ድኽነትን ስደትን ምብትታንን፡ ንህዝብታትናን ሃገርናን ናብ ውድቀትን ምብትታንን ዝደፍእ ወድዓዊ ኩነታት ክሳብ ዝሃለወን፡ ነዞም ወድዓውያን ጸገማት እዚኣቶም ብቓልስን ቃልስን ጥራሕ ክነወግዶም ክሳብ ዝኣምናን እንቃለስ ዝመረጽናን፡ ከምቲ "ጸባ ዝሃረፈ ላም ይግዛእ /የጥሪ/" ዝበሃል ሓባሪ ምስላ ኣቦው፡ ከም ውጹዓት ተቓለስቲ መጠን ኩሎም እቶም ኣብ ቃልሲ ዘዐንቅፉና ዘለዉ ጸገማትን ድኽመታትን ብቓልሲ ክንፈትሕ ብልቢ ክንጽዕርን ክንረባረብን እዩ ዝህልወና።

እዚ ማለት ካኣ ዘለዉና ናይ ፖለቲካዊ እምነት ፍልልያት፡ ብግቡእ ምሕደራን ኣተሓሕዛን ዓቂብና ብምሓዝ፡ ኣብ ሞንጎና ዝንጸባረቑ ዘይእዋናውያንን ዘይጭበጡን ባህግታት /ጥሙሓት/ን ዘስዕቡዎም ጸገማትን ዘይወድዓወነቶም እናመከትና ንክውገዱ እናተቓለስና፡ ጭቡጥ ሕድሕድ ዝምድናታትናን ኣተሃላልዋናን ብኩሉ እንትንኡ ንጸላኢ ዕድመ ስልጣኑ ብምንዋሕ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ኩሉ-መዳያዊ ዕንወትን ህልቂትን ከበድቲ ኣደራዓትን ክቕጽል ዕድል ዝህቦ ዘሎ ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ካብዚ ጸገማት'ዚ ንክንላቐቕ ዝተወሃሃደ ቃልሲ ክነካይድ እዩ ዝህልወና። ምኽንያቱ ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልስና፡ ብከምቲ ክንመጸ ዝጸናሕናን ዘለናዮን ተበታቲንካን በብውልቀን ብዝግበር ዘይኣድማዒ ኣገባብ ቃልሲ ክዕወት ስለ ዘይክእል።

ስለዝዀነ ዝተወሃሃደን ኣድማዕን ቃልሲ ብምክያድ ብዘተኣማምን ክንዕወት መታን ክንክእል፡ ንኩላትና ተቓወምቲ ውድባት፡ ስቪካዊ ማሕበራትን ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳትን ጠርኒፉ ክቃለሰና ዝኽእል፡ ብናይ ኩላትና ኣፍልጦ፡ ዕግበትን ውሳነን ዝምስረት ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር /ጽላል/ ብምምስራት ኩሉ ተቓላሳይ ሃገራዊ ዓቕምና ኣወሃሂድናን ኣዋፊድናን፡ ክንቃለስ ምተካእታ ስለ ዘይብሉ፡ ካብ ናይ ድኽመታትናን ጸገማትናን እሱራት መዃን ድሒና ብምትእምማን፡ ምውህሃድን ምድግጋፍን፡ ኣንጻር ሓባራዊ ጸላኢና /ህግደፍ/ ተቓሊስና ንምዕዋት ሎሚ'ውን ብሓዱሽ ናይ ቃልሲ መንፈስ ክንረባርብ እዩ ዝግባኣና።

## ሓርበኛዊ ተራ ሃይማኖታውያን መራሕቲ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል:

ኣብ ዝቐደመ ሕታምና ተራ ሃይማኖታውያን መራሕቲ ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ሓርበኛዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሰላማዊ ይኹን ዕጥቃዊ ቃልሲ እንታይ ነይሩ ኣካታቲልናኩም ምንባርና ዝፍለጥ እዩ። እነሆ ካኣ ሕጂ እቲ ካላኣይን ናይ መወዳእታን ክፋሉ ድሕሪ ውድቀት ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣብ ትሕቲ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ ብሓይሊ ብረት ኣብ ኮረሻ ስልጣን ካብ ዝድይብ ኣትሒዙ፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ዘሎ ግዜ ግደ ሃይማኖታውያን መራሕቲ እንታይ ነይሩን ኣሎን ንርአ።

ኩለን ሃይማኖታት ክርስትና ይኹን እስልምና ኣብ ኤርትራ ከም እምነት እግረን ካብ ዝተኸላሉ ግዜ ኣትሒዙ ክሳብ ውድቀት ባዕዳዊ መግዛእቲ  ደርግን ምስቲ ኩሉ ዘጋጠሞም ጭቖናን ግፍዕታትን ወዲ ሰብ ብስነ-ምግባር ክህነጽ ዝህብዎ ሃይማኖታዊ /መንፈሳዊ/ ኣስተምህሮታት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ከም ዜጋታት ኣብ ማሕበራዊ ህይወቶም ዕውታት ክኾኑን ንንብሶምን ሃገሮምን ከጠቅሙን ካብ ናይ ህጻናት ቤት-ትምህርቲ ኣትሒዞም መባእታውን ካልኣይን ደረጃ፡ ገሊአን ክሳብ ዩኒቨርስቲ ዝበጽሕ ኣብያተ-ትምህርቲ ሃኒጾም ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ-ክርስትያናትን ገዳማትን፡ መሳጊድን፡ኸልዋን ማዕሃዳትን /ጃልያ/ ብምስትምሃር ኣብ ምዕባለ ሕብረተ-ሰብና ዓቢ ተራ ዝተጻወቱ እዮም።

ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታትን ገጠራትን ኤርትራ ካብተን ቀዳሞት ኣብ ኤርትራ ዝኣተዋ ሃይማኖት ክርስትና ተዋህዶ፡ ካቶሊክ፡ ከኒሻ፡ በቢደረጀአንን ዓቕመንን ኣብአን ተማሂሮም ኣብ ዝላዓለ ደረጃ ናይ ትምህርቲ ክሳብ ወጻኢ ሃገራት ብምኻድ ዝተማህሩ መሃንድሳት፡ ሓኻይም፡ ናይ ሕጊ ሙሁራን ጠበቓታትን ፈራዶን፡ ናይ ቁጠባ ሙሁራን፡ መማህራን ወዘተ ከም ኣብነት እንተወሲድና እኳ ተረኣም ቀሊል ከም ዘይኮነ ንርዳእ።ብተመሳሳሊ ኣብ ሃይማኖት እስልምና እውን እንተኾነ ኣብ ዝተፈላለዩ ማዓሃዳት፡ ጃልያ ተማሂሮም ክሳብ ወጻኢ ሃገር ከይዶም ከምዚ ልዕል ኢልና ዝገለጽናዮም ብዝተፈላለዩ ሞያታት ዝተማህሩ ዉሑዳት ኣይኮኑን። እዘን ሃይማኖታዊ ትካላት እዚኣተን ኣብ ናይ ትምህርቲ ማኣዲ ጥራሕ ዘይኮነስ ገሊኤን ብሕክምና እውን ዝህብኦ ኣገልግሎት ቀሊል ኣይነበረን።

እዘን ሃይማኖታዊ ትካላት እዚኣተን ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ እዚ ከበርክተኦ ዝጸንሓ ግዲአን ኣብ ምንታይ ወደቐ፡ ማዕበለ'ዶ ኣንቆልቆለ? ወይስ ከምቲ ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝተጻወተዎ ጅግንነታዊ ሓርበኛዊ ተራ ሕጂ'ውን ቀጺሉን ተርኺዑን'ዶ ወጺኡ ኣሎ ወይስ ተዳኺሙ? ምሉእ ብምሉእ ተረኣም ኣብዛ ሓጻር ዓንቐጽ እዚኣ ክሽፈን ዘይካኣል እኳ እንተኾነ ዝተወሰኑ ኣብነታት ብምጥቃስ ግዴኦም ምንጽብራቅ ግን ዝካኣል ይመስለና።

ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ስርዓት ህግደፍ ኤርትራ ብውግዒ ናጽነታ ድሕሪ ምእዋጅ፡ ጃንዳዊ ኣማራርሓ ህዝባዊ ግንባር ናብ ሙሉእ ገዛኢ ደርቢ ዝተሰጋገረ፡ ፈጹም ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን እስትራተጂካዊ ጸላኢ ህዝብታት ኤርትራ ዝኾነ፡ ተቶሊታርያዊ ገባቲ ምልካዊ ስርዓት እዩ ኣብ ስልጣን ኩዱጭ ዝበለ። ከምዚ ስለዝኾነ ካኣ ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ጩራ ናይ ደሞከራሲ ዘይብሉ ጨፍጫፊ ኣረሜናዊ ስርዓት ሰላምን ደሞክራስን ምዕባለን ክረጋገጽ'ዩ ኢልካ ምጽባይ የዋህነት እዩ።

እዚ ካኣ ከምቲ ምስላ ኣቦታት " እተጽግበኒ ቕጫስ ኣብ ሞቕሎኣ እንከላ እፈልጣ" ከም ዝባሃል እዚ ብትምክሕቲ ዝዓወረ ካብ ኣፈንጭኡ ኣርሒቑ ክርኢ ዘይክእል ኣብ ሜዳ ኤርትራ እንከሎ ንባዕሉ ነቲ ንሓርነት ዝቃለስ ታጋዳላይን ውድብን ብቐዳምነት ሓራ ኣውጺኡ ደሞክራስያዊ ኣሳራርሓ ኣብ ሓፋሽ ተቓላሳይ ህዝቢ ከዘውትር ዘይካኣለ፡ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ደሞክራስያዊ ኣሳራርሓ ከተኣታት'ዩ ኢልካ ምሕሳብ "ካብ እንቋቑሖ ተመን ርግቢት ክትውለድ'ያ ኢልካ ምጽባይ እዩ ዝኸውን። ስለዚ ኻኣ'ዩ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ካብዚ

ጸረ-ህዝቢ ተፈጥሮኡ ተበጊሱ ኩሎም መልክዓት ጭቆናታት ደርባዊ፡ ብሄራዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ጾታዊ ወዘተ ወጽዓታት ከውርደሎምን ብዋጋ ውልቃውን ጉጅላውን ረብሐኡ ሓሰራ-መከረኦም ከሪኦዮምን ዝጸንሐን ዘሎን። ስርዓት ህግደፍ ብሓይሊ ብረት ኣብ ኮረሻ ስልጣኑ ምስ ተወጠሐ ብዙሕ ከይጸንሐ፡ እቲ ፍጥር ክብል ካብ ሜዳ ኣትሒዙ ዝዓበየሉ ጸረ-ደሞክራስያዊ ባህሪኡ ፈጢጡ ዘወጸኣሉ፡ ንብዙሑነታዊ ህላወ ናይ ሰልፍታት /ውድባት ኣብ ሓራ ኤርትራ ንኽይህሉው ብወግዒ ኣዊጁ ሕብረ-ሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ከይትከል ዝኣገደሉ ብምኽንያት መዓልቲ ስውኣት 20 ሰነ 1991 ዓ.ም ".ናይ ውደባት ሓሸውየ ኣብዚ ሃገር ኣይፍቀድን'ዩ" ኢሉ ጸኒሑ ካኣ ንብዙሕነታዊ ሕብረ-ብሄራዊ ኣታሃላልዋ ሕብረተ-ሰብና ብምብምኽሓድ፡ "ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ዝባሃላ የለዋን እንትርፎ ናይ ቋንቋ ጉጅለታት" ኢሉ፡ ቀጺሉ ካኣ ንመሰላት ሃይማኖታዊ ብዝሑነታዊ ኣታሃላልዋ ሕብረተ-ሰብና ብምጽራር ንኑጹሃት ኣመንቲ ሃይማኖት ምስልምና፡ ብስም ጃሃድን ግብረ-ሽበራውያንን እናበለ ዝኣስረሉን ዝቕንጽለሉን፡ ንኣመንቲ ክርስትና ዝኾኑ ጴንጠ-ቆስጠን ጆሆቫን ካኣ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ይጻረሩ እዮም ኢሉ፡ ጸረ-ሃገር እዮም ብምባል ሃይማኖታዊ እምነቶም ኣብ ኤርትራ ከይዝውተር ክእገድ ብሕቡእ ከዘውትሩ ዘተረኽቡ ካኣ ክእሰሩን ክሳቀዩን ከስደዱን ዝተገደድሉ ውድዕነት'ዩ ብሰፊሑ ተኸሲቱ።

ኣብ ሓራ ኤርትራ ሃይማኖታዊ ትካላት ካብ መንግስታዊ ተጽዕኖታታትን ቀይድታትን ሃይማኖታዊ እምነታተን ብነጻ ክስተምህራ ትካላዊ ኣሳራርሐአን ብዘይ ኢድ ምትእትታው ናይ መንግስቲ ዉሑስ ኮይኑ ክሰርሓ፡ ኣብ ክንዲ ምግባር: ናጽነተን ብምግሃስን ኢድ ብምትእትታው ውሽጣዊ ኣሳራርሐአን ብምፍራስን ትካላተን እንከላይ ናይ ኣብያተ-ትምህርትን ሕክምናን ብምህጋርን ንዝተቓውምዎ ኣብ ቤት ማእሰርትታት ምደጉናን ምስቓይን ሓሳረ-መከረኦም ክበልዑ ገይርዎም'ዩ። ኣብ ኤርትራ ብወግዒ ሃይማኖታዊ እምነተን ከዘውትራ ዝኽእላ ናይ ክርስትና ተዋህዶ፡ካቶሊክ፡ከኒሻ፡ ሃይማኖት ምስልምናን እየን ኢሉ ከብቕዕ፡ ኣብዘን ሃይማኖታዊ ትካላት እዚኣተን ሓንቲ እውን ትኹን ካብአን፡ ካብ ተጽዕኖን ጭቕናን፡ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ነጻ ኮይና ሃይማኖታዊ እምነታ ከተዘውተር ዝኻኣለት የላን። ኩለን ይብዛሕ ይውሓድ ካብ ግዜ ባዕዳዊ መግእቲ ሃይለስላን ደርግን ብዝገደደ ዝተወጻዓ ዳኣምበር ዝራሃወን የለዋን።

እዚ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት እዚ ብብግዚኡ ንውሽጣዊ ናጽነተን ኣሳራርሐአን ዝኀድእ ቀያዲ ጸረ-ደሞክራስያዊ ሕግታት ብምትእትታው ንነፍስ ወከፈን ኣብ ትሕቲ ስለያዊ ማሓወራቱ ኣእትዩ ተቓውሞታት ንዘስምዑ ካኣ ብውሽጢ-ወሽጢ ኣብቲ ኣብያተ-ክርስትያናትን መሳጊድን ዘገልግሉ ዉሑዳት መጋብርያታቱ ዝኾኑ ኣብ ውሽጦም ሰልኩታት ገይሩ ገዛዚዑ ኣብ ትሕቲ ምሕረቱ ክወድቑን ሽቕጥቕጥ ኢሎም ክግዝኡ ክገብርን ጸኒሑን ኣሎን'ዩ።

በዚ ስለያዊ መርበባቱ ገይሩ ካኣ እዩ ንናይ ሃይማኖት ምስልምና ናይ ስርዓት ብራኬ ህግደፍ ዘይብሉ ዘማሓድሮም ሙፍቲ ክገብሩ ከም ዘይክእሉ፡ ነዚ ዝቓወም ካኣ ብስም ጃሃድ ክእሰሩ ዘጸንሑ ኮይኖም፡ ንናይ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ሲነዶስ ይኹን ሊቃነ-ጳጳስ /ፓትርያርክ/ ህግደፍ ዘይቋጻጸርዎ ክገብሩ ከም ዘይክእሉ ነዚ ሃይማኖታዊ ናጽነቶም ዝዳፋእ ኣሳራርሓ'ዚ ዝተቓወሙ ፓትሪያርክ ኣቡነ ኣንጠንዮስ ኣብ 2005 ዓ.ም. ንሕጊ ቤተ-ክርስትያን ስለ ዝተኻላኸሉ ዕድመኦም 94 ዓመት በጺሖም ዘለዉ፡ ኣብ ቤት-ማሰርቲ ተሓይሮም ክሳብ ሕጂ ኣብ እምነቶም ጸኒዖም ዝሳቐዩ ዘለዉ ሓርበኛ ፓትርያርክ እዮም። ነዝን ካልእ እከይ ተግባራት ስርዓት ህግደፍ እዚ ዝተፋላለዩ ናይ ኤርትራ ናይ ሰበኻ-ገዳማት ከም ገዳም ደብረ-ብዜን ካልኦት ከም ባዓል ኣባ እማሃ መርጌታ ቴድሮስን ወዘተ ዝኣመሰሉ ብትሪ ዝኾነኑን ዝተጻረሩን ካህናትን ዲያቖናትን በብግዚኡ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ዝተዳጎኑ ዉሑዳት ኣይኮኑን።

እቲ ኣማኒ ናይ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኣብ ፈቀዶ ወጻኢ ሃገራት ዝነብር ብዝተፈላለየ ጸለመታት ስርዓት ህግደፍ ካብቲ ሕብረተ-ሰብ ክንጸሉ ዝሰርሕ ምኽኑ በዚ ካኣ ደገፍትን ተቓወምትን ኮይኖም ንቤተ-ክርስትያን ኣብ ክልተ መቒልዋ ይርከብ። ብዙሓት ሓርበኛታት ካህናትን ዲያቆናትን ናይ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ነዚ እከይ ተግባራት ስርዓት ህግደፍ እዚ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ተሰዲዶም ብትብዓትን ጽንዓትን ብቃጻሊ ክቃወምዎ ጸኒሖምን ኣለዉን።

ካቶሊካዊ ሃይማኖት ኣብ ኤርትራ ካብ ዝኣትወሉ ዘመን ኣትሒዙ፡ ትምህርቲ መሰረት ናይ ምዕባሌ ምኻኑ ብምእማን ኣብ ኤርትራ ሃይማኖታዊ ኣብያተ-ትምህርትን ቤተ-መቅደሳትን ንመእመናን ምስራሕ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ዘርአ-ክህነት ምሱኡ ተደሪቡ እውን ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ገዳማትን ብዘተፈላለዩ ናታ ማሕበራትን ገይራ ኣብያተ-ትምህርቲ እናሃነጸት ወለዶ ኣብ ምኹስኳስ ኣብ ትሕቲ ባዕዳውያን መግዛእታዊ ስርዓታት ኮይኖም እውን ምስቲ ኩሉ ዘጋጥሞም ወጽዓታት ዓቢ ተራ ጸኒሕዎም እዩ።

ኤርትራ ናጽነታ ምስ ተጓነጸፈት እውን ናይ ቴክኒክን ሞያን ኮሎጅ ዝሃነጹ እኳ እንተኾኑ፡ኩሉ ዓውደ-ፍለጠት ጨናፍር /ፋክሊቲ/ ዘካተተ ኣብ ኤርትራ ሓደ ዓቢ ዩኒቨርስቲ ምስ ዝተማልአ መሳሪሕታቱ ሰፊሕ ካንፓስን ክሰርሑ ኣብ ዝገበርዎ ጻዕርታት ኣብ ዘይተሳለጠሉ ክሳብ መንግስቲ እቲ ዩኒቨርስቲ ህንጻቱ ምስተወደአ ተረኪቡ ባዕሉ ከማሓድሮ ዝተገበረ ፈተነን ምሕጽንታን እውን ከይተረፈ ብጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ተቓባልነት ስኢኑ ተሳናኺሉ ክተርፍ ከም ዝኾነ ዝፍለጥ'ዩ። ብኣንጻሩ እተን ዝርካበን ንብረቶም ብግዜ ደርጊ ዝተሃገራ ብዙሕ ካብኡ ክምለሰሎም ከም ዘይተኻእለ ክሳብ ሕጂ እቲ ድኻ ሕብረተ-ሰብ ክግልገለለን ዝጸንሐ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዝተዘርገሓ ኣብያተ-ሕክምናታት ከይተረፈ እናተሃገሩ ዝተዓጽዉ ምኻኖም ዝሕዝን ተርእዮ እዩ።

ብዙሓት ምእመናን ናይዘን ሃይማኖታዊ ትካላት እዚኣተን ናይ እስላም ይኹን ናይ ክርስትያን ተካእቲ ወለዶ ናይ መሻይኽ ዑላማ ክኾኑ ዝኽእሉ ከምኡውን መንእሰያት ኣብ መኣዲ ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ዝጸንሑ ዲያቆናት ብሓይሊ እናተገፈፉ፡ኣብ ግዱድ ዕስክርና ከገልግሉ እናተገብሩ ሰብ እመነቱ ኣብ መስጊድ ይኹን ቤተ-ክርስትያን ኣብ ሓጎስ ይኹን ኣብ ሓዘን ነቲ ካህን ይኹን ሸኽ ዝተሓጋገዝዎ ተካእቲ ዝስእንሉ እቲ እምነት ኣብ ወለዶ ከይሳጋገ፡ር ዓቕሚ ሓይሊ ሰብ ከይትረክብ ዝገብር ፋሺሽታዊ ተግባር ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታዊ ትካላት ከውርዶ ዝጸንሐን ዘሎን ግፍዕታት ሓደ መርኣያ ናይ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ሞክራስን ባህሪኡ ጽውቅ መግለጺ እዩ።

እቲ ዘገርም ካኣ ናይዚ ኣረሜናዊ ዘቤታዊ ስርዓት'ዚ እዘን ሃይማኖታዊ ትካላት እዚኣተን ኣብ ቀጻሊ ወለዶታት ከየሳጋገራ ክጸንታ ዝገበር ኣካያይዳ'ዚ ኣብ ግዜ ባዕዳዊ መግዛእቲ ክሳብ ክንድዚ ጫፍ ከይዱ ሃይማኖታዊ ትካላት መተካእታ ዓቕመ ሰብ ኣገልገልቲ ክስእና ዝገብር ዘይምንባሩ እዩ። እዚ ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታዊ ትካላት ብስርዓት ህገደፍ ክወርድ ዝጸንሐን ዘሎን ወጽዓ ስለዝኾነ ኣካልን ኣምሳልን ናይቲ ኣብ መላእ ሕብረተ-ሰብና ክወርድ ዝጸንሐን ዘሎን ፖሎቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ወጽዓታት እኩብ ድምር እዩ።

በዚ ኻኣ'ዩ ከምቲ ምስላ ኣቦታት "ላም ሓደ ጎና ኣይትሰብሕ፡ ሓደ ጎና ኣይትዓብር" ተባሂሉ ዝግለጽ፡ ስርዓት ህግደፍ እውን ንሓደ ትካል ወይ ክፋል ሕብረተ-ሰብና ወይ ሃይማኖት ንሓደ ጥዑይ ኣታሓሕዛ ነቲ ካልእ ከኣ ዘይጡዑይ ኣታሓሕዛ ክገብር ኣይክእልን'ዩ።ደርባዊ ተፈጥሩኡ ዝዓደሎ ብዘይ ሓዊ ጋንግሪን ዝተለኽፈ ስለዝኾነ ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኩሉን ደርባዊ ጉጅላዊ ጥቕምታቱ ስለዘገድሶ፡ንኹሉ ሃይማኖታትን ሕብረተ-ሰብን፡ ብኸፋፊልካ ግዛእ ብዘይ ኣፋላላይ ዘዕኑ ስርዓት'ዩ። ከምዚ ስለዝኾነ ካኣ'ዩ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ተሳጢሖም ስደት ዕለታዊ ተርእዮ ኮይኑ ሕብረተ-ሰብና ዝበርስ ዘሎ።

ሃይማኖታውያን መራሕቲ ነዚ ኩሉ ኣብ ሃይማኖታዊ ትካላቶም ይኹን ኣብ ሕብረተ-ሰብና ክወርድ ዘጸንሐን ዘሎን ግፍዕታት ስርዓት ህግደፍ ኢዶምን እግሮምን ኣጣሚሮም ስቕ ኢሎም ኣይረኣይዎን። ገባቲ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ዘቤታዊ መግዛእቱ ሀ ኢሉ ካብ ዝጅምር ኣትሒዞም ተቓውሞታቶም ከስምዑ ጸኒሖምን ኣለዉን እዮም። ናይ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ብማሕበር ሲታውያን እትሕተም ዝነበረት ብርሃን ዝስማ ጋዜጣ ሓቂ'ዶ ክንዛረብ፡ ኣብ ዝብል ዓምዳ ብዙሕ ግዜ እዮም ንብልሹው ስርዓተ ምሕድራ ህግደፍ ዘቓልዕዎ ዝነበሩ።

እቲ ስርዓት ብግስ ከይበለ ዝተታሓዞ ኣብ መንግስታዊ ትካላቱ ዝሰርሑ ዝነበሩ ናይ ንጹሃት ዜጋታት ምጽልጻልን ምድስካልን ክሳብ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ዝምህሩ ዝነበሩ መማህራን ዝበጽሖም ዝነበረ በደላት ምቕላዕን፡ ኣብ ኣብያተ-ቤተ-ክርስትያናት ዘጋጥሙ ዝነበሩ ወጽዓታትን፡ ናይ ሕብረተ-ሰብና ናይ ናብራ ክብርን ናይ ጥሜትን ዓጸቦን ሽግራትን፡ንጥዑይ ባህሊ ሕብረተ-ሰብና ዝብክል፡ ስድራ-ቤታት ዝብትን፡ናይ ምንዝርናን

ስኽራንን፡ ብሓሶት ምምስካርን ምስራቕን ምዕማጽን ህግደፍ ዘተኣታተዎ ጽዩፍ ስነ-ምግባር ዝጎደሎ ኣካያይዳታቶምን፡ እኩይ ተግባራቶም ኣብ ምቅላዕ ኣገዳሲ ተራ ተጻዊቶም እዮም።

ካብዚ ሓሊፎም ካኣ ገለ ካህናት እዚ ኣካይዳ እዚ ክእረም ናብ ገለ ሓለፍቲ ናይቲ ስርዓት ክእርምዎ ዘተሓሳስብ ዝጽሕፉ ነይሮም እዮም።ድሕሪ እዚ ኩሉ ጻዕርታት እዚ ጸማም እዝኒ ተዋሂብዎ ውጽኢት ኣብ ዘይተረኽበሉ ኣርባዕተ ናይ ኤርትራ ካቶሊካዊት ኣቡናት ብሓባር ኮይኖም ነቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ኣብያተ ክርስትያናት ይኸውን ኣብ ሕብረተ-ሰብና ዘጋጥሙ ሽግራት እቲ ስርዓት፡ ስርዓት-ምሕደርኡ ከማዓራሪ ብወግዓዊ ጽሑፍ ገይሮም ንመላእ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራን ዓለምን ዘፍለጥሉ ናይ ትብዓትን ጅግንነትን ሓርበኛዊ ጽሑፍ ምቕራቦም ዝዝከር'ዩ።

ድሒሮም ከኣ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ናይ ምብትታን ሓደጋ ኣንጸላልይዎ ብዙሕ ህዝቢ ሃገር ኩቦ ደርብዩላ ንስደት ክውሕዝ ምስ ጀመረን ኣብ ፈቐዶ ምደረ-ብዳን ባሕርን ክሃልቕ ምስ ኮነን፡ ኣርባዕቲኦም ናይ ካቶሊካዊት ቤተክርስያን ኣቡናት ኤርትራ ኣባ ተስፋማርያም፡ ኣባመንግስተኣብ፡ ኣባ-ፍቕረ-ማርያም፡ ኣባ-ቶማስን፡ ዝኾነ ማእሰርቲ ይኹን መስዋእቲ ይምጻእ ኢሎም ቖሪጾም ተላዒሎም "ሓውኻ ኣበይ ኣሎ" ብዝብል ሓርበኛውን መንፈሳውን ጻዊዒት ብምግባር ዓሚቕ ሃገራዊ መልእኽቲ ዝሓዘ ዘቕረብዎ ስፍሕ ዝበለ ጽሑፍ ንመላኣ ህዝቢ ኤርትራን ዓለምን ዘፍለጥሉን፡ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ነዚ ፈሊጡ ሃገሩ እትድሕነሉ መንገዲ ከናዲ፡ መንግስቲ እውን ልቢ የዕብዩ ነዚ ሽግራት እዚ ኣብ ምፍታሕ ክጽዕት ዝተማሕጸንሉን ናይ ቀረባ ተዘክሮና እዩ። ሕጂ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኣርባዕቲኦም ኣቡናት ንኣባ ተስፋማርያም ብደሆ ዝተክኡ ኣባ ኪዳነማርያም ሓዊስካ ዘማሓላልፍዎ መልእኽቲ መቐጸልታ ናይ ሕሉፍ ጻዕርታቶም ሃገር ሕጂ'ውን ኣብ ሓደጋ ከም ዘላ ዘመላኽትን ንቓልሲ ዝዕድምን እዩ።

ብዕድመ ዝደፍኡ ኣቦና ሓጂ ሙሳ መሓመድኑር ሃይማኖት ምስልምና ዘይፍቅዶ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጃልያ ከተኣታትዎ ዝፈተኖ መዕነዊ ሕግታቱ ብምቕዋም ከሳብ ኣብ ኣስመራ ህዝቢ ንመጀመርያ ግዜ ብድፍረት ሰላማዊ ሰልፊ ክወጽእ ዝተገብረሉ ኣጋጣሚ ምዝካር ጥራሕ ዘይኮነ፡ እዞም ብዕድመ ዝደፍኡ ኣቦ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተሳቒዮም ምስውኦም ቅያ ሰሪሖም ካብ ዝሓለፉ ጀጋኑ ሓርበኛታት መራሕቲ ሃይማኖትና ሓደ እዮም።

ናይ ጴንጠ-ቆስጠ ኣማኒት ዝኾነት ዘማሪት ሄለን፡ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝኸፍአ ሕሰመ-መከራ ዝሕለፈትሉ ኣብ ኮንተይነር ተኣሲራ ዝተሳቐየት፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ናብ መራሒ ኣመሪካ ዝኾነ ትራምፕ ቀረባ እቲ ኣብ ኤርትራ ብጨቓኒ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታዊ ትካላት ዝወርድ ዘሎ ግፍዕታትን፡ ናይ ተዋህዶ ቤት-ክርስትያን ፓትርያርክ ንዝኾኑ ኣቡነ ኣንጠንዮስ ኣብ ቤትማእሰርቲ ተዳጒኖም ዘሕልፍዎ ዘለዉ ስቃይ መስክርነታ ብምሃብ ዘሕለፈቶ መልእኽቲ ዝድንቕ ኮይኑ፡ ካብ ሃይማኖታውያን መራሕቲ ሓርበኛታት መዘምራን ሓንቲ ከም ኣብነት እትጥቀስ ጓል ኣንስተይቲ እያ።

ሃይማኖታውያን መራሕቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ምስ ህዝቦም ኮይኖም ሓሳረ-መከረኦም እናበልዑ ምእንቲ ሃይማኖታዊ እምነቶምን ሓርነት ህዝቦምን ብትብዓት ዝቃለሱ ዘለዉ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብቲ ነጻ ኮይኖም ክንቀሳቀስሉ ዝኽእሉ ወጻኢ ሃገራት ኣብ ስደት ምስ ህዝቦም ኣብ ደምበ-ተቓውሞ ተሰሊፎም ኣብ ዝካይዱ ሰላማዊ ሰልፍታት፡ ኣኼባታት፡ ዋዕላታት እናተሳተፉ ክቃለሱ ዝጸንሑን ዘለዉን ሓርበኛታት ዉሑዳት ኣይኮኑን፡ ፡ ንስቓይ ናይ ህዝብና ኣብ ስደት ንምቕላልን ኣብ ምደረ-ብዳን ባሕርን ንዘጋጥሞዎ ሓደጋታት ሕብረተ-ሰብ ዓለም ቀላሕታ ክገብረሎምን ክሕግዞምን ዝጽዕሩ ከም በዓል ኣባ ሙሴ ዝኣመሰሉ ሓርበኛታት'ውን ክምጎሱ ዝግበኦም እዮም።

ናይ እምነት ናጽነትን ማዕርነትን ዝኸበር ህዝቢ ብሰላም ዝነብረሉ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምሕደራ እንተዳኣ ሃልዩ ጥራሕ'ዩ ኣብ ተግባር ክውዕል ዝኽእል። ሃገርና ኤርትራ ኻኣ ከምዚ እንርእዮ ዘሎና ንውድቀት ተሳጢሑ ህዝብና መዓልቲ-መዓልቲ ዛሕዛሕ እናበለ ንስደት ብዘይ ምቁራጽ ይውሕዝ ዘሎ፡ ዝተረፈኻኣ ሓሰረ-መከርኡ ይርኢ ኣሎ። ሃይማኖት እውን ብኡኡ መጠን ኣብ ሰላም ዘይብሉ ሃገርን ህዝብን ክህሉ ስለዘይክእል ክዳኽም

ባህርያዊ እዩ። ደምበ-ተቓውሞ ኤርትራ ነዚ ወድዕነት'ዚ ንምቕያር ንስርዓት ህግደፍ ንምውጋድን ይቓለስ ኣሎ። ውድብና ደግሓኤ ንኩሎም ወጽዓታት ደርባዊ፡ ብሄራዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ጾታዊ ወዘተ…ብምቕላስ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ሕብረተ-ሰብና ብዘይምሽርራፍ ክረጋገጽ ዝቃለስ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ውድብ'ዩ።

ናይ ሃይማኖት ናጽነትን ማዕርነት ንክረጋገጽ፡ ናይ ዝኾነ ሃገራዊ ዜጋ ናይ እምነት ናጽነቱ ክሕሎ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ናይ መሰል ፍልልይ ከይግበር፡ ዝኾነ ዜጋ ብምኽንያት እምነቱ ተጽዕኖ ከይግብረሉ፡ ሃይማኖት ካብ መንግስትን መንግስታዊ ትምህርታዊ ትካላትን ዝተፈለየ ክኸውን፡ መንግስቲ ኣብ ጉዳይ ሃይማኖት ኢዱ ከየእቱ፡ ሃይማኖት'ውን ኣብ ጉዳይ መንግስቲ ኢዱ ከየእቱ፡ መንግስቲ ካብ ሃይማኖት ዝተፈለየ ዓለማዊ /ሰኩላር/ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ኮይኑ፡ ንኹሎም ሃይማኖታት ብማዕረ ዘተኣናግድ ክኸውን።

ዝተፈላለዩ ሃይማኖታዊ ትካላት ምስ ሕገ-መንግስቲ /ቅዋም/ ብዘይጋነጽ መንገዲ ንእምነቶም ዘስተምህርሉን ዘማሓድርሉን ናይ ገዛእ ርእሶም ትካላትን ምምሕዳርን ክህልዎም መሰሎም ዝተሓለወ ክኸውን፡ ኣብ ሓራ ኤርትራ ንዝኾነ ሽነኽ ሃይማኖት ዝውክል ሃይማኖታዊ መንግስቲ ክህሉ ዘይምፍቓድ ም'ዃኑ ይኣምንን ኣብ ሓዳስ ሃገረ-ኤርትራ ተግባራዊ ክኸውን ይቃለስ ኣሎ። ስለዝኾነ ካኣ ሓርበኛታት መራሕቲ ሃይማኖት ሃገርና ብውሽጥን ብወጻእን ከካይድዎ ዝጸንሑን ዘለዉን፡ ቅያ ተጋድሎን ክኸፍልዎ ዝጸንሑን ዘለዉን መስዋእትን ኣብ ታሪኽ ህዝብታት ኤርትራን ዓለምን ንዘልኣለም እናተዘከረ ዝነብር፡ ሓደ ክፋል ካብ ሓርበኛዊ ሓርነታዊ ቃልስና እዩ።

ስለዝኾነ ሕጂውን ኩሎም ሃይማኖታዊ ትካላት ግዳይ ናይ ከፋፈልካ ግዛእ ሜላ ሽርሕታት ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ከይኮኑ ውሽጣዊ ሓድነቶም ኣደልዲሎም ከም ሓደ ኣካል ተጠሚሮም ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምድሓን ብፍላይ ካኣ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘለዉ ናይ ኩለን ሃይማኖታዊ ትካላት መራሕትን ኣባላትን ቃልስና ብውሽጢ ናብ ዝተወደበ ህዝባዊ ተቓውሞታት ዘሰጋግር ባይታ ኣብ ምጥጣሕ፡ ነፍሲ ወከፍ መምስቲ ጭቡጥ ወድዓዊ ኩነታቱ ብምጥዕዓም ዝተፈላለዩ ጥበባት ናይ ውደባ ስልትታት ብምጥቃም ምስ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለሱ ዘለዉ ተቓወምቲ ሓይልታት ተኣሳሲሮም ቃልሶም ኣበርቲዖም ከቅጽሉሉ ትጽቢት ህዝብታት ኤርትራን ተቓለስቲ ሓይልታቱን እዩ። ጨቋኒ ስርዓት ህግደፍ ወዳቒ እዩ፡ ህዝብታት ኤርትራን ቅኑዓት ታሪኻዊ እምነታቶምን ሓድግታትቶምን ግን ንዘልኣለም ነበርቲ እዮም።

## "ሕቶ ደሞክራስን፡ ዘይምእኩል ስርዓት-ምሕደራን"

ሕቶ ደሞክራስን ዘይምእኩል ስርዓት-ምሕደራን፡ ዝበሃሉ ከም ኣምራትን መስርሓትን ናብዚ ሕጂ በጺሐሞ ዘለዉ ትርጉማትን መልክዓን ክበጽሑ ዝኽኣሉ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ሕሉፋት መዋእላት ኣብ ውሽጢ ዝተፈላለዩ ሕብረተ-ሰባት ብእናተኻየዱ ዝመጹ መስርሕ መሪር ቃልሲ እናማዕበሉን እናሰፍሑን ዝመጹን ዝቕጽሉ ዘለዉን እዮም። ንኣብነት "ደሞክራሲ" ዝብል ቃል ከም ኣምር ኣብ ዘበነ-ጊላነት ኣብ ሃገረ ግሪኽ ኣብ ዝተኸስተሉ መዋእል፡ ብቋንቋ ግሪኽ ደሞክራሲ ማለት "ናይ ህዝቢ መንግስቲ ወይ ህዝባዊ ምምሕዳር ማለት'ዩ" ዝብል ሓፈሻዊ ኣተረጓጉማ ይወሃቦ ከም ዝነበረ እዩ ዝሕበር፤ ይኹን'ምበር ኣብ ዝተፈላለዩ ስርዓታት ነናቱ ትርጉም ይህበሉ ከም ዝነበረ፡ ንኣብነት ኣብ ናይ ግሪኽ ጊላዊ ስርዓት፡ ነቲ "ህዝቢ" ዝብል ቃል ንወነንቲ ጊሎት'ምበር ነቶም ጊሎት ዘጠቓልል ከም ዘይነበረ እዩ ብታሪኽ ዝንገር።

እቲ "ደሞክራስያ" ዝብል ጥሙር ቃል ከም መስርሕ መጠን፡ ኣብ ስርዓት-ጊላነት ይኹን ስርዓት መስፍንነት፡ ነቶም ኣብ መመዋእሎም ዝነበሩ፡ ገዛእቲ ደርብታት /ደርቢ ወነንቲ ጊሎትን መሳፍንትን/ ጥራሕ ዘገልግል መስርሕ ናይ ምምሕዳር ኮይኑ እዩ ጸኒሑ። ኣብ መዋእል ጊላነትን መስፍንነትን ዝነበሩ ጭቁናት ሕብረት-ሰባት /ጊሎትን ተዋፋሮን/ ቀሊል ዘይኮነ ናይ መሰል ፍልልይ እኳ እንተነበረ፡ ኣብቲ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ

ዝምልከት ግን፡ ኩሉ-መዳያዊ ተመሳሳሊ ጭቆናን ሓሳረ-መከራን እዩ ዝበጽሖም ነይሩ። ስለዝኾነ ኣብዞም ዝተጠቕሱ ስርዓት-መዋእላት፡ ዝነበሩ ሕቶ ደሞክራስን ስርዓት- ምሕደራታትን፡ ደሞክራሲ ከም መስርሕ ነቶም ጭቆንቲ ደርብታት ጥራሕ ዘገልግል፡ ነቶም ጭቁናት ደርብታት ካኣ ብሕሱም ዝጭቁን፡ እቶም ስርዓት-ምሕደራታት ድማ፡ ኣዝዮም ምእኩላትን ስልጣንን ጠቕምን ናይቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ምዋእላት /ስርዓታት/ ዝነበሩ ገዛእቲ ደርብታት ጥራሕ ዝጠቅምን ዘውሕስን፡ ናይቶም ጭቁናት ወገናት /ድርብታት/ መሰልን ጠቕምን ካኣ ዘስእን እናኾነ እዩ ንመዋእላት እናተሰርሓሉ መጺኡ።

ዝተፈላለዩ ጭቁናት ሕብረተ-ሰባት፡ ካብ መዋእል ስርዓት-መስፍንነት ናብ ስርዓት ርእሰ-ማልነት ንምስግጋር ብእናካየዱዎ ዝመጹ መሪር ናይ መስርሕ ቃልሲ፡ ምስ ዕቤቶምን ስልጣነኦምን ተታሓሒዙ፡ ዝተፈላለዩ ሕብረተ-ሰብኣዊ ክፍልታት /ደርብታት/ ሰብኣዊ መሰላቶምን ኩሉ-መዳያዊ ተጠቃምነቶምን ንምርግጋጽ ክብሉ፡ ሓባራዊ ጸላኢኦም ንምስዓርን መድረኻዊ ዕላማታቶም ንምዕዋትን ክኽእሉ፡ ኣንጻር ስርዓት ምስፍንነት ኣብ ዘካድዎ ዝነበሩ መረርን ነዊሕን ሓባራዊ ቃልስታት፡ ሕቶ ደሞክራሲ እናሰፍሐን እናተነጸረን እዩ መጺኡ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ኣብቲ ስርዓት-ምሕደራ መዳይ ዝምልከት ግን ዋላ'ኳ ህዝብታት ካብቶም ሕሉፋት ስርዓታት ብዝሐሸ /ብዝምድናዊ/ ኣብቶም ዘይመሰረታዊ መሰላት ብሕጊ ክሕለውሎም ዝጀመሩ እንተነበሩ፡ መሰረታዊ ባህርያቶምን ትሕዝትኦምን ግን ኣዝዮም ምእኩላትን ዘይኣሳተፍትን እናኾኑ እዩ እናተሰርሓሎም ጸኒሑ።

እቲ ሕሉፍ ታሪኻዊ ሓቂ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ፡ ኣብ ዘለናዮ መዋእል ርእሰ-ማልነት ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ሕብረተ-ሰብኣዊ ክፍልታት /ደርብታት/ እናተኻየደ ብዝመጸ ኩሉ-መዳዊ መሪር ቃልስታት፡ ከም ውጽኢቱ ኣብ ሕቶ ደሞክራስን፡ ስርዓት-ምሕደራን ሓዱሽ ምዕብልና ክኽሰት ኣኽኢሉ እዩ። ንሱ ካኣ ኣብ ሕቶ ደሞክራሲ ከም ትርጉምን መስርሕን ክልተ ዓይነት ትርጉምን ኣሰላልፋን ተኸሲቱ፤ ማለት ናይ ውሑዳት ገዛእቲ ደርብታት ብሓደ ገጽ፤ ናይ ብዙሓትን ወጹዓትን ሕብረተ-ሰባትን ደርብታትን ካኣ በቲ ካልእ ገጽ። እዞም ፍልልያት እዚኣቶም ካኣ ኣብ ሕቶ ደሞክራሲ፡ “ሊበራል ደሞክራሲን” “ህዝባዊ ደሞክራሲን” ብዝብል ዝግለጹ ክልተ ንጹራት እምነታትን ናይ ሓይልታት /ደምበታት/ ኣሰላልፋን ክኽሰቱ ግድነት ዝኾነሉ ታሪኻዊ ኩነታት እዩ ተፈጢሩ።

ምስ'ዚ ኣብ ሕቶ ደሞክራሲ ዝተፈጠረ ሓድሽ ምዕብልና ተተሓሒዙ፡ ኣብ ሕቶ ስርዓት-ምሕደራ'ውን ዝተፈላለየ ኣረዳድኣን እምነትን ክምዕብል ክኢሉ እዩ። ንሳቶም ካኣ ምእኩል /ኣሃኣዊ/ ስርዓት-ምሕደራን ዘይምእኩል /ፌደራላዊ/ ስርዓት-ምሕደራን ተባሂሉ ኣብ ክልተ ዝተኸፍለ ኣረኣእያን ኣሰላልፋን እዩ ተኸሲቱን ማዕቢሉን፡ ዝስራሓሉ ዘሎን። እቲ ዘይምእኩል ስርዓት-ምሕደራ ዝብል ኣምርን'ውን ንገዛእ ርእሱ ብዓይነቱን ሓቐፋይነቱን ዝህቦ ኣገልግሎትን መሰረታዊ ፍልልይ ዝሓዘለ ኮይኑ ብዝተፈላለየ መልክዕ ኣብ ኣገልግሎት ዝውዕል ዘሎ እዩ።

ኣብዞም ስርዓት-ምምሕዳራታት ዝረአ ዘሎ ፍልልያት ክንርኢ እንከለና፡ ከምቲ ኣብ ደሞክራስን ኣጠቓቕምኡን ዘሎ መሰረታዊ ፍልልይ፡ ኣብ ሞንጎ መልክዓት ስርዓት-ምምሕዳራት'ውን ብተመሳሳሊ መሰረታዊ ፍልልያት ኣለዎም እዩ። ንኣብነት ኣብ ሞንጎ ምእኩልን ዘይተማእከለን ስርዓት-ምሕደራታት ዘሎ ፍልልያት ክንርኢ እንከለና፤ ምእኩል ስርዓት-ምሕደራ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ኣብ ሓደ ማእከል ብዝተወሰነ ፖለቲካዊ ሓይሊ /መንግስቲ/ ተገቢቱ ዝታሓዝ ኮይኑ፡ ነቲ ሕብረተ-ሰብን /ሕብረተ-ሰብኣዊ ክፍልታትን ዘየሳትፍ /ኣግሊሉ/ ናይ ውሑዳት ገዛእቲ ደርብታትን ሰዓብቶምን ስልጣንን ረብሓን ዝሕሉን ንምውሓሱ ብሓይልን ዓመጽን ናይ ዝሰርሕ ስርዓት ዝኽተሎ ስርዓት-ምምሕዳር እዩ።

እዚ ኣሃዳዊ ስርዓት-ምሕደራ'ዚ ዝኽተሎ መልክዕ ምምሕዳራዊ ቅርጻ ድማ፡ ንወድዓዊ ኩነታት ናይ ህዝብታት ይኹን ተሳትፎኦም ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ኣብ ግምት ከየእተወ፡ ብመልክዓ ምድራዊ አቀማምጣ ዝቐርጽ፡ ንምምሕዳሩ ዝምልከት ካኣ፡ በቶም ናይቲ ኣሃዳዊ ስርዓት ደገፍትን ተጠቀምትን ዝኾኑ ኣካላት ጥራሕ ክተሓዝን ክዕመምን እዩ ዝገብር። ኣሃዳዊ ስርዓት-ምሕደራ ኣብ ምምሕዳራዊ መዳይ፡ ክሳብ ኣብታ ዝነኣሰት ተራ ምምሕዳራዊ መዳይ'ውን ክይተረፈት ዘሳትፍ ኣይኮነን። ነቲ ህዝቢ ዘይመስሉን ዘይብጽሕዎን ካብ ካልእ

ከባቢታት ኣባላቱን ደገፍቱን ዝኾኑ ባእታታት ብምምጻእ እዩ ኣሃዳዊ ስርዓት-ምሕደርኡ ኣጠናኺሩ ዝገዝእ። ናይ ከምዚ ዓይነት ጨቋኒ ስርዓት ብኣብነት ምጥቃስ ምስ ዘድሊ፡ ርሑቕ ከይተኸደ ሕጊ-ኣልቦ ኣፅናዊ ስርዓት ህግደፍ ብቀረባ ምጥቃስ ዝካኣልን እኹል መርኣያን እዩ።

እቲ ዘይምእኩል ስርዓት-ምሕደራ ዝባሃል ድማ ብሓፈሽኡ ዘይምእኩል ስርዓት-ምሕደራ ተባሂሉ ይገለጽ ዳኣምበር፡ ኣብ ህዝቢ ዝህልዎ ኣፍልጦን፡ ኣብ ኩሉ-መዳያዊ ተሳትፎን ረብሓታትን ኣብ ዝምልከት፡ ንገዛእ ርእሶም ኣብ ዓይነቶምን ትሕዝኦምን፡ መሰረታዊ ፍልልይ ዘለዎም ክልተ መልክዓት ስርዓታት እዩ ዝኸፈል። ንሳቶም ካኣ እቲ ሓደ ካብ ኣሃዳዊ ስርዓት-ምምሕዳር ብመሰረታዊ ትሕዝትኡን ሓቐፉቱን ዘይፍለ ኮይኑ ግን ካኣ፡ ገለ ካብቲ ኣሃዳዊ ስርዓት-ምሕደራ ዝፈልዮ ነጥቢ እንተሃለወ፡ ካብ ስልጣኑ ብከፊል /ስማዊ/ ንካለኦት ኣካላት ዘካፍል ምኻኑ እዩ፡ ብወሳኒ መልክዑ ግን ዝተማእለ /ኣሃዳዊ/ ስርዓት እዩ።

ከፊላዊ ናይ ስልጣንን ጠቕምን ከካፍል ዝግደደሉ ምኽንያት ድማ፡ ካብቲ ሕብረተ-ሰብ ክመጾ ንዝኽእል ተቓውሞን ዓመጽን ንግዚኡ ንምድንጋርን ብኣጋ ንምምካትን ኢሉ ዘፍቅዶ ናይ ትኳቦ ልግሲ'ምበር፡ ናይ ብሓቂ ዘይተማእከለ ስርዓት-ምሕደራ ሃልይዎ ስልጣንን ሃብትን ብዓይኒ ፍትሒ ዘመቓርሕ፡ ናይ ህዝብታት ኣከናውናን፡ ኩሉ-መዳያዊ መሰላትን ጠቕምታትን ዝቕበልን ዝሕሉን ኣይኮነን። ስለዝኾነ ከምዚ ዓይነት ስርዓት ዋላ እኳ በቲ ዝነኣሰ ጎኑ ካብቶም ኣሃዳውያን ስርዓታት ዝፍለ እንተኾነ፡ /እንተመሰለ/ ኣብ ዓውደ-ተግባር ግን ዝጭበጥ ረብሓ ናይ ህዝብታት ዘረጋግጽን ዘውሕስን ኣይኮነን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ከባብያዊ ምምሕዳራዊ ቅርጻ ዘርጊሑ ብስም ዘይምእኩል ስርዓት-ምሕደራ እናሸቀጠ ህዝብታት ዓፊኑ ብምሓዝ፡ እናጭቆነን እናመዝመዘን ዝጥቀም ብተግባር ካብ ኣሃዳዊ ስርዓት-ምሕደራ ዘይፍለ እዩ።

እቲ ካልኣይ ዘይተማእከለ፡ ፌደራላዊ ደሞክራስዊ ስርዓት-ምሕደራ ዝብሃል ድማ፡ ናይ ህዝብታት ኣካናውናን መንነትን ብውድዕነት ዝቕበልን ዘኽብርን፡ ህዝቢ /ህዝብታት/ መሰረት፡ ዋናታትን ወሰንትን ተጠቀምትን ናይ ፖለቲካዊ ስርዓት ምኻኖም ብእምነት ዝቕበልን ብተግባር ዝሰርሕን፡ ህዝብታት ኣብ ፖለቲካ ምስታፍን ስልጣን ምጭባጥን፡ ኣብ ቁጠባ ተጠቀምቲ ንክኾኑ ዘኽእልን ዘውሕስን፡ ህዝብታት ብቋንቋኦምን ባህሎምን ክጥቀሙን ከማዕብሉን ዘኽእል፡ ነብሶም ብገዛእ ርእሶም ከማሓድሩን ዘውሕስ፡ ሕሉፍ ታሪኾም ክስንዱን ብኡ ክሹርዑን፡ ናይ መጻኢ ዕድሎም ብዘይ ናይ ዝኾነ ይኹን ኣካል ተጽዕኖን ጣልቃ ምእታውን ብነጻነት ናይ ምውሳን ዕድልን ስልጣንን ከም ዘለዎም ዝኣምንን፡ ንነጻ ወሳኒ ናይ ህዝቢ ዝቕበልን ዘኽብርን ምምሕዳራዊ ቅርጻ ናይታ ሃገር፡ ናይ ህዝብታታ ረብሓን ሓባራዊ ዕቤትን ዓሊሙ ዝቐርጽ እዩ።

ዘይተማእከለ ስርዓት-ምሕደራ /ህዝባዊ ፌደራላዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት-ምሕደራ/፡ ነዞም ብከፊል ዝተጠቕሱን ካለኦትን ናይ ህዝብታት ነጻነትን ምሰላትን ጥቕምታትን ረቛሒታት ኣብቲ ብናይ ህዝቢ ምሉእ ተሳትፎን ውሳነን ዝጸድቕ ደሞክራስያዊ ቅዋም /ሕገ-መንግስቲ/ ውሕስነት ብዝህብ ኣገባብ ዝሰፍር ሕጊ-ቅዋም መሰረት ዝመርሕን ዘመሓድርን ስለዝኾ፡ ካብ ካለኦት ስርዓት-ምሕደራታት ብኩሉ እንትንኡ ዝምረጽ ዘይተማእከለ ስርዓት-ምሕደራ እዩ። ስለ ዝኾነ እዩ ድማ ወድብና ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደግሓሌ/ ኣብ መጻኢት ኤርትራ፡ ንጭቡጥ ኩነታት ናይ ህዝብታትና መሰረት ዝገበረ፡ ናይ ህዝብታትና ኩሉ-መዳዊ መሰልን ጠቕምን ዕቤትን ናይ ህዝብታትናን ሃገርናን ዘረጋግጽን ዘውሕስን፡ ህዝብታትና ፍቶታዊ ደሞክራስዊ ሓድነት ብምርግጋጽ፡ ነብሶም ብነጻነት እናመርሑ ብኩሉ እንትነኦም ሓቢሮም ክዓብዩን ተጠቀምቲ ክኾኑን ስለ ዘኽእል እዩ ዘይተማእከለ፡ ህዝባዊ ፌደራላዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት-ምምሕዳር ከም ዝበለጸ ስርዓት-ምሕዳራን ገይሩ ዝኣምንን ኣብ ህዝብታትናን ሃገርናን ንክስራሓሉ ንመዕዋቱ ብእምነት ዝቃለስን።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ክሊ "ሕቶ ደሞክራስን ዘይተማእከለ ስርዓት-ምሕደራን" መጻኢ ናይ ስርዓት ለውጥን ኣመልኪቶም ካብ ተቓወምቲ ኣካላትን ወልቀ ዜጋታትን ዝተፈላለዩ ርእይቶታት ክዝረበሎምን ክንጠፈሎምን ይረኣዩን ይስምዑን ኣለዉ እዮም። ገለ ካብኣቶም ንምጥቀስ ዝኣክል፤
. ቀዳማይ ርእይቶ፡ ንህልዊ ስርዓት ህግደፍ ከም ስርዓት ቅቡል ብምግባር፡ "ቅዋም ክሰርሕ እንተተገይሩ፤ ናይ ፖለቲካን ሕልናን እሱራት እንተፈሒኖም፤ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ካብ ስልጣኑ እንተለጊሶም፤ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናይ

ግዜ ገደብ እንተተገይሩሉን፤ ወዘተ ዝብሉ ነቲ ኣረሜናዊ ስርዓት ዘይመሰረታዊ /ጽገናዊ/ ለውጢ ተገይርሉ ህግደፍ ከም ዘለዎ ኣብ ስልጣን ክቕጽል ዝርእዩ ኣካላት ህልዋት እዮም። ይኹን'ምበር ከምዚ ዝኣመሰለ ፖለቲካዊ ርእይቶ ምእማን ይኹን ንምዕዋቱ ምቅላስ ማለት፡ ንኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ካብ ምድጋፍ ሓሊፉ፡ ጸረ ናይ ህዝብታትና ሓርነታዊ ቃልሶምን ስለ ዝኾነ ተቐባልነት ዘየብሉን፡ ብዘየናሕሲ ህዝባዊ ቃልሲ ተቓሊዑ ክሰዓር ዘለዎ እምነት'ውን እዩ።
. እቲ ካልኣይ ርእይቶ፡ ኣብ ኤርትራ ዘይተማእከለ ስርዓት-ምሕደራ ክህሉ ኣለዎ፡ ምምሕዳራዊ ቅርጻ መጻኢት ኤርትራ ድማ ገለ ብከባብያዊ መልክዕ /ከየነጸረ/ ገለ ድማ ብኣውራጃዊ መልክዕ ማለት ህልዊ ምምሕዳዊ ቅርጻ ናይ ህግደፍ ብምፍራስ፡ ነቲ ኣብ ግዜ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝነበረ ናይ ኣውራጃታት ምሕዳራዊ ቅርጻ ክምለስ ኣለዎ ዝብል እምነት ማእከሉ ዝገበረ ካብ ዝተፈላለዩ ተቓወምቲ ሓይልታት ዝንጸባረቕ ዘሎ ተርእዮ እዩ። እዚ ርእይቶ'ዚ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ዕላምኡን ትሕዝትኡን ከምዘን ከሎ፡ ብመድረኽ ኣንጻር ዝተፈልየ ርእይትኡ እትኽብሮ ናይ ፈታዊ ርእይቶ ኮይኑ፡ ብትሕዝቶ ቁም-ነገሩ ክርእ እንከሎ ግን ካብቲ ሕጂ ስርዓት ህግደፍ ብዞባታት መቓቒሉ ዘመሓድሮ ዘሎ ጂኦግራፊካዊ ምምቕቓል ዝተፈልየ ዘይምኻኑ ኣብ መጻኢ ኤርትራ ክህነጽ ዝድለ ህዝባዊ ፌደራላዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት መንጽር ክፍተሽ እንከሎ ነቶም ዝተፈላለዩ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኤርትራ ብቋንቋኦም ክዳነዩን ባህሎም ከማዕብሉን፡ ታሪኾም ክዕቐቡን ወዘተ ብሓጺሩ ሃብቲ ሃገርን ስልጣንን፡ ብፍትሓውን ማዕርታውን መንገዲ ኣብ ምምቕራሕ ሓጋዚ ኣይከውንን።

ምኽንያቱ ብስም “ዘይተማእከለ ስርዓት-ምሕደራ ክንተክል ኢና” ዝብል ጽቡቕ ብዝመስል ርእይቶ ተሰንዩ፡ ኣሃዳዊ ስርዓት-ምሕደራ ንምትካል ዝዓለመ ኣተሓሳስባ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ብወድዓውን ታሪኻውን ምኽንያት ከምዚ ዓይነት ስርዓት ምትካል ዘየዋጽእን ዘይጠቅምን ስለዝኾነ እዩ። ኣሃዳዊ ስርዓት-ምሕደራ ንህዝብታትናን ሃገርናን ዝጠቅም እንተዝኸውን ነይሩ፡ ስርዓት ህግደፍ ምጠቐሞም ነይሩ፡ ንምውጋዱ ምቅላስን መስዋእቲ ምኽፋል'ውን ኣይምተመርጸን ነይሩ።

. እቲ ሳልሳይ ርእይቶ፡ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ኣብ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን /ህዝብታት/ ኤርትራ ዝተሰረተ ዘይተማእከለ /ፌደራላዊ/ ስርዓት ምትካል ኣየድልን እዩ፡ ምኽንያቱ ብሄራት ናይ ምፍንጫል ሕቶ ስለ ዘልዕላን፡ ሃገር ክትብተን ስለ እትኽእልን፡ ውጽኢቱ ድማ ድሮ ኣብ ካባቢና ዝረአ ዘሎ ጸገም እዩ፡ ዝብል ርእይቶ ብምሓዝ፡ ንንጹህ ልብን ኣእምሮን ናይ ህዝብታትናን ዜጋታትናን፡ ብናይ ስኽፍታ መንፈስ ክሰናበድ ብምግባር ህዝቢ ዝጠቕሞ ዓይነት ስርዓት ከየለሊ ብምዕዋን ናብቲ ዝደልዎ ዕላማ ጥራሕ ንምዕሳል ዝዓለመ ወፍሪ ብቐጻሊ ዝስራሓሉ ኩነታት እዩ ዝረአ ዘሎ።

ኣብዚ ክረአ ዘለዎ ሓደ ሓቂ እንተሃለወ፡ ንህዝቢ ኣሰኪፍካን ኣታሊልካን ዝግበር ናይ ቃልሲ ፈተነ ንግዚኡ ካብ ምድንጋር ሓሊፉ፡ ዝጭበጥ ናይ ቃልሲ ስራሕ ክስራሕን፡ ሓፋሽ ህዝቢ ብምትሓል ናብ ጸረ ጠቕሙ ምስላፍ ኣይካልን እዩ። ምኽንያቱ ዝኾነ ህዝቢ /ሰብ/ ካብ ጌግኡ ምምሃርን ዝጠቕሞ ዕላማ ኣነጺሩ ናይ ምፍላጥን ባህርን ተኽእሎን በዓል-ቤት ስለዝኾነ። ስለዚ ከምዚ ዓይነት ሓቅነት ዘይብሉ ናይ ፕሮፖጋንዳ መደብ ሒዝካ ኣብ ህዝቢ ክትሰርሕ ምፍታን ከምቲ “ነፋይ ሓሙኹሽትስ ናብ ነብሱ ይምለሶ” ዝባሃል ምስላ ወድዓውነትን ሓቅነትን ዘይብሉ ፕሮፖጋንዳዊ ዕማም ሒዝካ ኣብ ህዝቢ ምውፋር ውጽኢቱ ምልሕሓጽ ካብ ምኻን ሓሊፉ ንክሳራን ፍሽለትን ዘሳጥሕ'በር ዘምጽኦ ጠቕሚ ይኹን ዓወት የብሉን። እቲ ዘይተማእከለ ፌደራላዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ሓደገናኛ ምኻኑ ከም ኣብነት ኣብ ገለ ሃገራት ሽግር ይፈጥር ከምዘሎ ተገይሩ ክግለጽ ዝፍተን ዘሎ ርእይቶ'ውን እንተኾነ፡ መልእኽቱ እቲ ዝተጠቕሰ ኮይኑ፡ ግን ካኣ ኣብ ህዝቢ ዝያዳ ስግኣት ክዓቢ ብምግባር ክትጥቀም ካብ ምድላይ ዝብገስ ዘሎ ሜላ እዩ።

ኣብዚ ግንዛበ ዘድልዮ ነጥቢ እንተሃለወ፡ ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ዘይምእኩል /ህዝባዊ ፌደራላዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት- ምሕደራ/ ተመስሪቱ ማለት፡ ዝኾነ ጉድለት ዘየርእን ጸገማት ዘየጋጥምዎን ፍጹማዊ ስርዓት ናይ ኣማልኽቲ ተገይሩ ዝውሰድ ኣይኮነን። ከም ኣብ ዝተፈላለዩ ዝምባለታትን ድልየታትን ዝሓቖፈ ሕብረተ-ሰብ ዝመርሕ ዓለማዊ ስርዓት መጠን፡ ዝተወሰኑ ጸገማትን ብደሆታትን ከጋጥምዎ ይኽእሉ እዮም። ይኹን'ምበር ህዝባዊ ፌደራልዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት፡ ንኩሉ መዳያዊ ጸገማት ክፈትሕን ከማሓድርን ዝኽእል ባህረን

ደሞክራስያዊ ሕግታትን መሓወራትን ዝውንን ስለ ዝኾነ፡ ካብ ካልኦት ስርዓታት ብዝበለጸ መፍትሒ ናይ ምግባር ብቕዓትን ተኽእሎን ዘለዎ ተመራጺ ስርዓት እዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሕቶ "ደሞክራስን ዘይምእኩል ስርዓተ-ምሕደራን" ዝብል ኣርእስቲ ኣገላቢጥና ክንርኢ እንከለና፡ ምስ ብዙሕነት ናይ ህዝብታትናን ሕብረ-ብሄራዊት ሃገርናን ብምግንዛብ፡ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ንህብታትናን ሃገርናን ዘገልግልን ዝማዕብልን ዓይነት ደሞክራስዊ መስመርን፡ ስርዓተ-ምሕደራን፡ ከም መስመር "ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መስመር"፡ ከም ስርዓተ-ምሕደራ ድማ፡ "ህዝባዊ ፌደራላዊ ደሞክራስዊ ስርዓተ-ምሕደራ" እዩ። ካብዚ ወጻኢ ዝህልዉ መልክዓት ስርዓተ-ምሕደራታት ግን፡ ምስ ጭቡጥ ክውንነት ናይ ህዝብታትናን ሃገርናን ስለ ዘይጠዓዓሙ፡ ወድዓውነትን ፍትሓውነትን'ውን ስለ ዘይብሎም ተመረጽቲ ኣይኮኑን።

## ካብ ህዝባዊ ተቓውሞ ተሞኩሮ ሱዳንን ኣልጀርያን እንታይ ንማሃር፡ ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል፡

ኣብ ዝቐደመ ሕታምና፡ ካብ ህዝባዊ ተቓውሞታት ተሞኩሮ ሱዳንን ኣልጀርያን እንታይ ንምሃር ዝብል ቀዳማይ ክፋል ካብ ተሞኩሮ ሱዳን ዘቕረብናልኩም ኮይኑ፡ እንሆ ሕጂ ካኣ፡ ኣቲ ዝተረፎን ናይ መወዳእታ ክፋሉን እንታይ ይመስል ነከታትለኩም።

ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና ህዝቢ ሱዳን ብ1956 ካብ መግዛእቲ እንግሊዝ ሓራ ድሕሪ ምውጽኡ፡ ካሳብ ውድቀት ስርዓት ዑመር ኣልበሽር 63 ዓመታት ኣብ ዝነበረ ግዝያት፡ ከመይ ኢሉ ሓንሳብ ብህዝቢ ብዝተመርጸ ሰቪላዊ መንግስቲ ሓንሳብ ብሓይሊ ብረት ኣብ ስልጣን ዝተወጥሑ ዓለውቲ ወታሃደራውያን መራሕቲ፡ እናተፈራረቐዋ ክትመሓደር ከም ዝጸንሐት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ካኣ እዚ ዝደሓረ ኣንጻር ስርዓት ኣልበሽር ዝተኻየደ ህዝባዊ ተቓውሞታት ብዝርዝር ኣከታቲልናኩም ምንባርና ዝፍለጥ እዩ። ቀጺልና ካኣ ንሕና ከም ኤርትራውያን ካብዚ ናይ ጎረቤትና ህዝቢ ሱዳን ህዝባዊ ተቓውሞ ተሞኩሮ'ዚ እንታይ ንምሃር ምስ ጭቡጥ ኩነታትና ብምዝማድ ብምንጽጻር ምርኣዩ ኣገዳሲ ይመስለና።

መጀመርታ ጭቡጥ ኩነታት ናይ ክልቲኡ ስርዓታት ባህርን ሃገራትን ኣነጻጺርና ንርአ። ኣብ ሱዳን ንሳላሳ ዓመታት ክገዝእ ዝጸንሐ ስርዓት ኣልበሽርን ኣብ ኤርትራ ን፪፰ ዓመታት ክገዝእ ዝጸንሐን ዘሎን ብውልቀ መላኺ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝምራሕ ስርዓት ህግደፍን ገለ ካብቲ ዝፍላልዩምን ዘመሳስሎምን ነገራት እንታይ እዮም ብቕዳምነት ንርአ።

ኣብ ሱዳን ተተኺሉ ዝጸንሐ ስርዓት ብዕልዋ መንግስቲ ዝመጸ ጸረ-ህዝቢ ምልካዊ ስርዓት ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ኤረትራ ዝተተኽለ ስርዓት፡ ብታሪኻዊ ኣመጻጽእኡ ካብ ሜዳ ኤርትራ ኣትሒዙ ጸረ-ደሞክራሲ ዝነበረ ኮይኑ፡ ሃገራዊ ተራ ክጻወት ድሕሪ ምጅንሑ፡ ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ናብ ገዛኢ ደርቢ ተሰጋሩ፡ ፍጹም ገባቲ መላኺ ቶቲታላርያዊ /ኣብሱሉት ዲክተቶር-ሺፕ/ ስርዓት ስትራተጂካዊ ጸላኢ ህዝብታት ኤርትራ ኮይኑ። ናይ ሱዳን መላኺ ስርዓት እናሃለወ፡ ሕሉፍ ተሞኩሮ ናይ ሕብረ-ሰልፋዊ ስርዓታት ኣብ ህዝቢ ሱዳን ዝፈጥሮ ተጽዕኖታት ብምስጋእ፡ ንይምሰል ዝተገደበ ንህላዊኡ ዘይፈታትኑ ናይ ምዝራብ፡ ምጽሓፍ፡ ምንቅስቓስ ወዘተ ልዑል ጽልዋ ዘይብሎም ሰልፍታት፡ ማሕበራት ጋዜጣታት ወዘተ ዝኣመሰሉ ክህልዉ ክፍቅድ እንከሎ፡ ስማዊ ምርጫታት እናገበረ'ውን ስልጣኑ ዘቐጸለ ስርዓት እዩ።

ኣብ ኤርትራ ግን ብስም ሓደ ልቢ ሓደ ህዝቢ፡ ህዝቢ ዘጽመመ ስርዓት ህግደፍ ንይምሰል'ውን እንተኾነ ካብ ሓደ ሰልፊ ህግደፍ ወጻኢ ኣይፈቅድን እዩ። ንሱ'ውን እንተኾነ ኣብ ምሕረት ሓደ ውልቀ መላኺ ሰብ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝወደቐ ናቱ መሳርሒ ዝኾነ ባመቡላ ማሕበራትን እንተዘይኮይኑ ነጻ ኮይኑ ዝንቀሳቐስ ሰልፊ ይኹን ማሕበር ጋዜጣ ዘየፍቅድ ጨራ ናይ ደሞክራሲ ዘይብሉ ስርዓተ-ምሕደራ እዩ ጸኒሑን ዘሎን።

ኣብ ሱዳን እቲ ስርዓት ምልካዊ ስርዓት ይኹን ዳኣምበር፡ ብኡ ዝምራሕ ሰልፊ ዝዕብልሎ ሕገ-መንግስትን ባይቶን ጸኒሑ እዩ። ኣብ ኤርትራ ሕገ-መንግስቲ ይኹን ንይምሰል'ውን እንተኾነ ባይቶ ይኹን ምርጫታት የለን። ኣብ ሱዳን እቲ ገዛኢ ሰልፊ ዝዕብልሎን ዝዝውሮን ይኹን ዳኣምበር ኣብያተ-ፍርዲ ንይምሰል ክሰርሕ ጸኒሑ እዩ። ኣብ ኤርትራ ኣብያተ-ፍርዲ ፖለቲካዊ ኮይኑ እቲ ስርዓት ዝዝውሮ ከም ዘለዎ ፎቶ-ኮፒ ናይቲ ስርዓት እዩ። ኣብ ሱዳን እቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ቤትታት ዘጋጥሙ ዝነበሩ ኣፈናታት ገዲፍካ፡ ካለኦት ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ እሱራት ከከም ኩነታቶም ቤተ-ሰቦም ክበጽሕዎምን መግቢ ከብጽሑሎምን ዘኽእሎም ዕድላት ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግደፍ ግን ቤት-ማእሰርቲ ቤተ-ሲኦል ዳኣምብር ቤተ-እርማት ኣይኮነን። ሓታቲ ብዘይብሉ ኣብኡ ተሳቒኻ እትጠፍኣሉ ዕድል ዓቢ እዩ። ካብቶም ኣብ ዓለም ጨከንቲ ሰርዓታት ዝገብርዎ ካብኡ ብዝኸፍአ ኣብኡ ማህሚንካ፡ ጠሚኻ፡ ሓሚምካ ሰንኪልካን ተሳቒኻ ብሰንሰለት ተሞቒሕካ ዕለተ-ሞትካ እትጽበየሉ ቦታ እዩ። ኣሽኳይ'ዶ ፖለቲካዊ እሱር፡ እቶም ዝተፈላለዩ ገበናት ፈጺሞም ተባሂሎም ዝእሰሩ'ውን እንተኾኑ፡ ብኣግኡ ፍርዲ ዘይረኽብሉ ዝሳቐይሉ ኣብ ምሕረት ውልቀ-ሰባት ዝወደቐ ትካል እዩ።

ኣብ ሱዳን ቁጠባ ሃገር እቲ ገዛኢ ደርብን መሻርኽቱን ብዓብይኡ ዝውንንዎ ይኹን'ምበር፡ ብዙሓት ውልቀ ሰባት ከከም ዓቕሞም ሃብቶም ኣዋፊሮም ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ናይ ቁጠባ ዝሳተፉን ገንዘብን ንብረትን ዘኻዕብቱ ጸኒሖምን ኣለዉን እዮም። ዋላ'ኳ እቲ ገዛኢ ሰልፊ ብስም እስልምና እናሸቀጠ ኣባላቱ ሓለፉ ዘለዎምን ተጠቀምቲ ክኾኑ ዝገብር ኣሰራርሓታት ኣታኣታትዩ ሃብቲ ሃገር ክብዝብዝ ዝጸንሐ እንተኾነ፡ ዓመታዊ ኣታውን ወጻእን ናይ መንግስቲ ባጀት በቲ ሰልፊ ተመዲቡ ብስማዊ ሕጋዊ ባይቶ ጸዲቑ ብዕሊ ንህዝቢ ዝንገር እዩ።

ኣብ ኤርትራ ግን ስርዓት ህግደፍ ቁጠባ ሃገር ገቢቱ ዝውንኖን ዘንቀሳቕሶን ገለ ተረፍ-መረፍ ካኣ መሻርኽተይ ዝብሎም ክዋፈሩ ዝገብረሉን እንተዘይኮይኑ፡ ዝኾነ ሰብ ርእሰ-ማሉ ኣዋፊሩ ኣብ ዝመረጾ ጽላታት ናይ ቁጠባ ነጻ ኮይኑ ክሰርሕ ዕድል ዘለዎ ኣይኮነን። እተን ህግደፍ ገቢቱ ዘዋፍረን ትካላት'ውን እንተኾና እቲ ግንባር ብወግዒ ዝፈልጦን ዘዋፍሮን ዝቋጻጸሮን ዘይኮነስ ኣብ ትሕቲ ምሕረት ሓደ ውልቀ መላኺ ስርዓት ዝወደቓ እዩ። ናጻ ናይ ቁጠባ ዕዳጋ ዝባሃል የለን። ኩሉ ማሕበራውን ቁጠባውን ሂወት ናይታ ሃገር ብሓንቲ ቀጣን ትእዛዝ ውልቀ መላኺ ስርዓት መምርሒ ዝንቀሳቐስ እዩ። ስሩዕ ባጀት ናይ መንግስቲ ዝብሃል ኣይፍለጥን።

እዚ ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ስርዓታትን ሃገራትን ዘሎ ገለ ካብቲ ኣፈላላይ ክኸውን ከሎ፡ ገለ ካብ ዘመሳስሎም ወይ ዘቀራርቦም ካኣ ንርአ። ክልቲኦም ስርዓታት ብሓይሊ ብረት ኣብ ኮረሻ ስልጣን ዝደየቡ ኮይኖም፤ ዝኾነ ንስርዓቶም ስግኣት ዝኾኖም እናኣሰሩን እናቐንጸሉን ዝኸዱ መለኽቲ ስርዓታት እዮም። ክልቲኦም ስርዓታት ስልጣኖም ንምሕላው እምነቶም ኣብ ህዝቢ ዘይኮነስ ኣብ ወታደራውን ስለያውን ትካላት ዝተንጠልጠለ እዩ። ክልቲኦም ስርዓታት ውልቃውን ጉጅላውን ረብሓታቶም ቅድሚት ብምስራዕ ኣብ ብልሽውና ዝተጨማለቑ ስርዓታት እዮም። ብዙሕ ካብቲ ዝበዝበዝዎ ንብረቶምን ገንዘቦምን ኣብ ፈቐዶ ወጻኢ ሃገራት ባንክታት ዘህድሙን፤ ብወልቆም ወይ ብመሻርኽቶም ኣብ ዝተፈላለየ ንግዳዊ ትካላት ዘንቀሳቕሱን እዮም። ክልቲኦም ስርዓታት ድሕረት ናይቲ ሕብረተ-ሰብ እናመዝመዙ ብሄር ሃይማኖት፡ ቀቢላ ገንዘብ ስልጣን፡ ሜላ ከፋፊልካ ግዛእ ሒዞም ዕድመ-ስልጣኖም ከናውሑ ዝንቀሳቐሱ ስርዓታት እዮም።

እቲ ጭቡጥ ኩነታት ናይ ክልቲኦም ስርዓታትን ሃገራትን ወድዕነታት እዚ እንካብ ኮነ፡ ንሕና ከም ኤርትራውያን ኣብ ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ክንዲቲ ናይ ሱዳናውያን ተሞኩሮ ዘይብልና'ኳ እንተኾንና፡ ምስ ጭቡጥ ኩነታት ናይ ሃገርና ብምዝማድ፡ ንጨካን ኣረሜናዊ ገባቲ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውጋድ ክንጥቀመሉ ዘለና ጥበብ ናይ ቃልሲ፡ እዚ ዝካየድ ዘሎ ዓመጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ክሕይል ብምግባር፡ እቲ ስርዓት ብኩሉ ኣገባብ ቃልሲ ዝውገደሉ መስርሕ ምኽታል እዩ እቲ ቅኑዕ ኣገባብ ቃልሲ ዝኸውን። እዚ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ክካየድ ዘለዎ ዘይሕጋዊ ኣገባብ ቃልሲ ተጠናኺሩ ክቕጽል ዘለዎ እዩ።

እዚ ውዳበ'ዚ ምስ ብደገ ተወዲቡ ክቃለስ ዝጸንሐን ዝቃለስ ዘሎን ሓይልታት ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ተኣሳሲሩ እናጎልበተ ኣብቲ ክፍልታት ሕብረተ-ሰብ እንኮላይ ኣብቲ ጭቁን ኣባል ሰራዊት ዝለሓመ ክኸውን ብምግባር ናብ ህዝባዊ ናዕቢ ዝሰጋገረሉ ባይታ ምምድማድ የድሊ። እዚ ከም ዘለዎ ኮይኑ፡ ሓደ ኣገዳሲ ተሞኩሮ

ካብ ናይ ሱዳን ሰላማዊ ቃልሲ እንመሃሮ ምስ ዝህሉ፡ ግን እዚ ናይ እምቢተኛነት ኣገባብ ቃልሲ /ስቪልዲስ ኦቢደንስ/ ጥበብ ቃልሲ ብንእሽቶይ ተቓውሞ ጀሚሩ እናጎልበተ ዝኸይድ ከም ተሞኩሮ ምስ ጭቡጥ ኩነታት ሃገርናን ባህሪ ናይ ውልቀ መላኺ ስርዓትን ኣዛሚድና እንጥቀመሉ ጥበብ ምጽናዕ ጠቓሚ እዩ ዝኸውን ንብል። ካልእ ካብ ተሞኩሮ ሰላማዊ ህዝባዊ ናዕብታት ሱዳን እንቕስሞ ትምህርቲ ምስ ዝህሉ፡ ህዝቢ ብሓደ ዝተገብረሉ ጽቡቕ ነገር ክሳብ ክንደይ ይቕረ በሃላይ ምዃኑ፡ ምልካውያን ወታሃደራዊ ስርዓታት ምስወደቑ ኣብ ውሽጢ ሕብረተ-ሰቦም ከም ተራ ህዝቢ ኮይኖም ብዘይ ፍርሒ ስሞም ብጽቡቕ እናተላዕለ ክነብሩ ካብ ዝኽኣሉ፡ እቲ ብጥቅምቲ 1964 ጀነራል ዓቡድ ካብ ሓላፍነቱ ክወርድን ስልጣኑ ንህዝቢ ከረክብን ዘገድድ፡ ነቲ ናብ ቤተ-መንግስቲ ዘምርሕ ዝነበረ ዓቢ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ሰራዊቱ ብዓመጽ ከይምልስሎም ትእዛዝ ብምሕልላፉን ስልጣኑ ብሰላም ከረክቦም ምዃኑ ብምግላጽ ሰላማዊ ርክክብ ምግባሩ ክኸውን እንክሎ፡ ምልካዊ ስርዓት ኣልኑሜሪ ምስ ወደቐ'ውን ብዕልዋ ስልጣን ዝሓዘ፡ ማርሻል ዓብደርሩሕማን ስዋር ኣዳሃብ፡ ኣብ ልዕሊ ዝኣደመ ህዝቢ ሱዳን ዝኾነ ጉድኣት ከየውረደ ስልጣኑ ንህዝቢ ከረክብ ምዃኑ ብምግላጽ ብዘይውልውል እምነቱ ኣብ ተግባር ዘውዓለ ወታሃደር ብምዃኑ፡ እዞም ክልተ መኮንናት እዚኣቶም ንዘላኣለም ድሕሪ ሕልፈቶም'ውን እንተኾነ ኣብ ህዝቢ ሱዳን ስሞም ብጽቡቕ እናተላዕለ ዝነብር ዘሎ እዩ። እዚ ኣብ ተሞኩሮ ህዝባዊ ናዕብታት ሱዳንን፡ ዘጋጠመዎም ብደሆታትን፡ ወድቀታትን ዓወታትን እዚ እንካብ በልና ካብ ተሞኩሮ ቃልስታት ህዝቢ ኣልጀርያኸ እንታይ ኢና እንማሃር ንርአ።

ህዝቢ ኣልጀርያ ብባዕዳዊ መግዛእቲ ፈረንሳ ልዕሊ ሓደ ክፍለ ዘመን ባህርያዊ ሃብቱን ጉልበቱን ዝተበዝበዘ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘካየደ ሓርበኛ ህዝቢ እዩ። ኣብ ሓርነታዊ ቃልሱ ሓደ፡ ካብቶም ሰፍ ዘይብል ከቢድ መስዋእቲ ካብ ዝኸፈሉ ሰውራታት ዓለም ሓደ እዩ። እዚ ብግንባር ተጋድሎ ሓርነት ኣልጀያር እናተመርሐ ዝካየዶ ብረታዊ ተጋድሎ እዚ መላእ ወጹዕ ህዝቢ ኣልጀርያ ኣብ ጎኑ ኣሰሊፉ፡ ንሰራዊት ፈረንሳ ኣብ ብዙሕ ግንባራት እናሰዓሮም ኣብ ዝመጸሉ፡ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ፈረንሳ'ውን ንፍትሓዊ ሕቶኦም ዝድግፉ ፈረንሳውያን እናተበራኸቱ ድምጾም ንሕብረተ-ሰብ ዓለም እናስምዑ ኣብ ዝመጽሉ፡ ከም በዓል ፍራንስ ፋኖን ዝኣመሰሉ ጸሓፍቲ፡ ንፍትሓዊ ሕቶ ኣልጀርያ ደጊፎም ክሳብ ብኢንግሊዘኛ ከይተረፈ ጽሑፋት እናጸሓፉ ኣብ ዝዘርግሕሉ መንግስቲ ፈረንሳ እቲ ጎንጺ ብሰላማዊ ዝርርብ ክፍታሕ ብዝሓተቶ መሰረት፡ ድሐሪ ብዙሕ ውረድ ደይብን ተኸታታሊ ልዝባትን፡ ጀነራል ዶጎል ኣብቲ ግዜ'ቲ ፕረዚደንት ፈረንሳይ ዝነበረ፡ ነቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ቅቡል ብምግባር ብ፩ ሓምለ ፩፱፮፪ ሓርበኝነታዊ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኣልጀርያ መዕለቢ ረኺቡ ኣልጀርያ ነጻ ሃገር ኮነት።

ድሕሪ'ዚ ህዝቢ ኣልጀርያ ምርጫ ኣካይዱ ግንባር ሓርነት ኣልጀርያ ተዓዊቱ ኣብ ቃልሲ መራሒ እቲ ግንባር ዝነበረ ኣሕመድ በንቦላ ፕረዚደንት ሃገር ኮይኑ። እዚ ግንባር እዚ በቲ ኣብ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝነበሮ ተቐባልነት ናይ ህዝቢ፡ ጽልወኡ ኣብ ናጻ ሃገር'ውን ዝቐጸለ ብምንባሩ ንነዊሕ ዓመታት ገዛኢ ሰልፊ ናይታ ሃገር ኮይኑ ጸኒሑ። ብርግጽ እዚ ግንባር'ዚ ኣብ መስርሕ ዕጥቃዊ ቃልሲ እንከሎ ሓርበኛዊ ሃገራዊ ውድብ ዳኣምበር ህዝባዊ ደሞክራስዊ ውድብ ስለ ዘይነበረ፡ ግዲኡ ድሕሪ ሃገራዊ ናጽነት ነዊሕ ከጓዕዞ ዝኽእል ኣይነበረን። ናቲ ህዝቢ ናይ ናጽነት ጽምኢ ኣብ ሓምሳታትን ስሳታትን ብዙሓት ሃገራት ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ ሓራ ዝወጻሉ ናይ ሃገራዊ ሓርነታዊ መዋእል ብምንበሩ እዚ ሃገራዊ ስመዒት እዝን እቲ ኣብ ብረታዊ ተጋድሎ ዘወፈዮ ሓርበኛዊ ተራ እናመዝመዘ፡ ኣብ ህዝቢ ኣልጀርያ ጽልውኡ ዓቢ ነይሩ። ቀስብቐስ ግን እዚ ሃገራዊ ውድብ እዚ ናብ ገዛኢ ደርቢ ተሰጋሩ፡ ብብልሽውና እናተበከለ መጺኡ ተቐባልነቱ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናነከየ ከይዱ ተወዳደርቲ ሰልፍታት እናሓየላ መጺኣን።

ብ1993 ኣብ ዝተገብረ ምርጫ ሓደ እስላማዊ ሰልፊ ዝላዓለ ድምጺ ረኺቡ መንግስቲ ክሕዝ ዝግበኦ ዝነበረ፡ ብናይ ደገ ምትእትታው ስልጣን ከይሕዝ ብወታሃደራዊ ዕልዋ ተኾሊፉ፡ ሃገር ኣልጀርያ ብውሽጣዊ ተቓውሞታትን በግብረ-ሽበራውያን ሓይልታት መጥቃዕትታትን፡ ንነዊሕ ዓመታት ዝተናወጸት ሃገር ኮነት። ከምዚ ኢላ ብቕልውላው እናተሓመሰት ድሕሪ ምጽንሓ፡ ብወሽጢ ብሓይልታት ምከልኻል፣ ብደገ ኣንጻር ግብረ-ሽበራ ብዓለም ካብ ተኣሳሲሩ ካብ ዝቃለስ ሓይልታት ዝርከብ ሎጂስቲካውን ስለያውን ወታሃደራውን ደገፋት ብምጥቃም ኣልቃይዳ ኣብ ኣልጀርያ እንዳተዳኸመ፡ እቲ ሕብረተ-ሰብ'ውን ብዝትወሰነ ደረጃ

እናተረጋገአ ናብርኡ ብሰላም ክመርሕ ኣብ ዝተበራበረሉ ድሓሪ ገለ ዓመታት ዳግም ምርጫ ተኻይዱ ግንባር ሓርነት ኣልጀርያ ብመሪሕነት ዓብደል ዓዚዝ ቡተፍሊቃ ተዓዊቱ መንግስቲ ሒዙ።

ብድሕሪ'ዚውን ኣብ ዝቐጸለ ናይ ምርጫ ግዜ ቡቲፍሊቃ እግሩ ለሚሱ ብዊልቸር ተደፊኡ እናኸደ ንካልኣይ ግዜ ተዓዊቱ። ሕጂ ካኣ ንሳልሳይ ግዜ ኣካለ-ስንኩል ኮይኑ እግሩ ለሚሱ፡ እዝኑ'ውን ተጻኒዑዎ እንከሎ ንፕረዚደንትነት ሕጹይ ኮይኑ ኣብ ዝቐረበሉ፡ ህዝቢ ኣልጀርያ ትዕግስቱ ወዲኡ፡ ምስቲ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዙ እዚ ሰልፊ እዚ መንግስታዊ መሓውር እናተጠቐመ ንድሕረት ሕብረተ-ሰብ እናመዝመዘ ዕድመ ስለጣኑ ከናውሕ ብምግባር፡ ኣብ ኣልጀር ስራሕ-ኣልቦነት ክስፋሕፍሕ ህዝቢ ብክብሪ መነባብሮ ኣብ ቅልውላው ክወድቕን ኣብ ዘኾነሉ፡ ንመበል ሳልሳይ ግዜ ክወዳደር ዝተሓጽየ ኣካለ-ስንኩል ቡተፍሊቃ፡ ንሱ ይኹን መገባርያታቱ ዝኾኑ ሰበ-ስልጣናት፡ ኣብ ምርጫ ክቐርቡ ክም ዘይቅበሉዎም ብምፍለጥ ካብ ዝጸንሐ ገዛኢ ስርዓት ወጻኢ ነጻ ዝኾነ ህዝባዊ መንግስቲ ክምስረት ኣለዎ ብዝብል ኣብ ርእሰ ከተማ ኣልጀርያ ኣልጀርስ ዘተበገሰ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ንመላእ ሃገር ኣጥለቕሊቑ ድሕሪ ኣርባዕተ ወርሒ ተጋድሎ ቡተፍሊቃ ካብ ስለጣኑ ክወርድን ንሳልሳይ ግዜ ንሕጸ ክም ዘይቀርብን ተገብረ።

ብድሕሪ እዚ እቲ ሰልፊ ኣብ ቦትኡ ምክትሉ ዝነበረ ስልጣን ክሕዝን፡ ክሳብ ግዜ ምርጫ ክጸንሕን ምስ ተገብረ፡ እዚ በቶም ተቓወምቲ "ወጮ እንተገምጠልካዮ ወጮ እዩ"፡ ብተዘዋዋሪ ስለጣን ቡተፍሊቃ ምንዋሕ እዩ፡ እዚ ድራማ እዚ ተቐባልነት የብሉን ተባሂሉ እዚ'ውን ካብ ስልጣኑ ክእለ ተገይሩ። ብድሕሪ እዚ'ውን ብጉቦን ስርቅን ዘተጠርጠሩ ኣባላት ካቢኔ ተባሂሎም ዝተሸሙ ከምዘይቅበሉዎም ብምፍላዋ ካብ ሓላፍነቶም ክወርዱን ክታሓዙን ኣብ ፍርዲ ክቐርቡን ኣለዎም ዝብል ተጽዕኖታት ተገይሩ ካብ ሓላፍነቶም ክወርዱ ተገይዱ። ኣብ መጨረሽትኡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ገዛኢ ሰልፊ፡ ብዙሕ ዘይሕመ'ዩ ዝብሉዎ ሰብ ብግዝያውነት ሓላፍነት ተሰኪሙ ናብ ምርጫ ክሰጋግር ምስ ተቓወምቲ ክላዘብ ብዙሕ ጸዕሪታት ተገይሩ።

ሰራዊት ኣልጀርያ ሓያል ዲሲፕሊንን ትካላዊ ኣሰራርሓን ኣመራርሓን ዘለዎ፡ እዚ ኩነታት ከምዚ ኢሉ ክቕጽል የብሉን ብዝብል ነቲ ዝደሓረ ሓሳብ ክቕበሉዎ ብሕገ-መንግስቲ ካኣ እቲ መርጫ ክካየድ ለበወኦም ናብቶም ተቓወምቲ ኣመሓላሊፎም። እንተኾነ እቶም ተቓወምቲ ኣብዚ ለበዋ'ዚ ዝተማለአ ዕግበት እኳ እንተዘይንበሮም ካብቲ ክካይድዎ ዝጸንሑ ሰፋሕቲ ተቓውሞታት ብዝተወሰነ ደረጃ እናንከየ ክመጽእ ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ሕጂ ምርጫ እናተቓራረባ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ ግዜ ካኣ እቲ ተቓውሞ እንደገና እናተጓሃሃረ ይኸይድ ኣሎ። እዚ እንታይ መልክዕ ክሕዝ እዩ ኣብ ቀጻሊ ዝረአ እዩ ዝኸውን።

ካብዚ ህዝባዊ ተቓውሞ ህዝቢ ኣልጀርያ እዚ ንሕና ከም ኤርትራውያን እንታይ ኢና እንምሃር፡ ምስ ጭቡጥ ኩነታት ሃገርናን ክልቲኡ ስርዓታትን ብምንጽጻር ምርኣዩ ኣገዳሲ እዩ ይመስለና። መጀመርያ ባህሪ ናይ ክልቲኡ ስርዓታትን ገለ ካብ ዘመሳስሎምን ዝፈላልዮምን ንርአ፤

ድሕረ-ባይታ ናይ ክልቲኡ ስርዓታት ብመስርሕ ሃገራዊ ሓርነታዊ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣቢሎም ዝመጹ ስርዓታት ምዃኖም ሓደ ንኽልቲኦም ወድባት ግንባር ሓርነት ኣልጀርያን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን፡ ከም ሃገራውን ውድባት ጸረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝተቓለሳ ምኻነን ዘመሳስሎም እዩ። ኣልጀርያ በ፩፱፺፪ ካብ መግዛእቲ ፈረንሳ ነጻ ኣብ ዘወጸትሉ ዋላ እቲ ንሓርነት ኣልጀርያ ዝተቓለሰ ወድብ ግንባር ሓርነት ኣልጀርያ፤ ብዝነበሮ ልዑል ጽልዋ ድሕሪ ነጻነት ሃገር ክመርሕ ምትእምማን ስለ ዝነበሮ፡ እቲ ናይ ፈረንሳይ ጽልዋ ናይ ሕብረ-ሰልፋዊ ቃልሲ ኣብ ኣልጀርያ ከተግበሮ ቅሩብ ብምንባሩ፡ ኣብ ምርጫ ኣትዩ ስልጣን ክሕዝ ዝበቕዐ ስርዓት እዩ ነይሩ።

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ግን ብቐደሙ'ውን እንተኾነ ትምክሕታዊ ጸረ-ደሞክራስዊ ውድብ ኮይኑ ካብኡ ወጻኢ፡ ካለኦት ሃገራውያን ሓይልታት ኣብ ሜዳ ኤርትራ ከይህልዋ፡ ካብ ቁጽጸሩ ወጻኢ እንተተንቀሳቒሰን ካኣ ክቕንጽለን ኣብ ዡናት ሕድሕድ ዝኣተ ዝነበረ ወድብ እዩ። ድሕሪ ውድቀት ባዕዳዊ መግዛእቲ ካኣ፡ ጭው ዝበለ ጸረ-ህዝቢ ምልካዊ ስርዓት ኮይኑ፡ ካብኡ ወጻኢ ዝኾነ ሓይሊ ኣብ ውሽጢ ሃገር ከይንቀሳቐስ ዝኣገደ ውድብ እዩ። ኣብ ኣልጀርያ ብዘይካ ሓደ ግዜ ብናይ ደገ ኢድ ምትእትታው እቲ ምርጫ ክኹለፍን ክስርዝን ዝኾነ

እንተዘይኮይኑ እቲ ዝበዝሐ ምርጫታታ ዋላ እኳ ተጽዕኖን ጽልዋን ናይቲ ገዛኢ ሰልፊ ይንበሮ ንይምስል'ውን እንተኾነ እቲ ገዛኢ ሰልፊ፡ ኣብ ውድድር ኣትዩ ስልጣን ክሕዝ ዝጸንሐ ስርዓት እዩ። ኣብ ኤርትራ ግን እዚ ዝተወሰነ ናይ ደሞክራሲ ዕድላት'ዚ ኣሸንኳይ'ዶ ክትግበር ዝሕሰብ'ውን ኣይኮነን ጸኒሑን ዘሎን።

ኣብ ኣልጀርያ ሰራዊት ዋላ'ኳ ተጽዕኖን ጽልዋን ናይቲ ገዛኢ ሰልፊ ዘይፍለዮ ይኹን ዳኣምበር፡ ኣብ መነጎ መንግስትን ህዝብን ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ናይ ስልጣን ምስሕሓባት ከጋጥም እንከሎ፡ ብዝተወሰነ ደረጃ'ውን እንተኾነ ሓሓንሳብ ናጻ ኮይኑ ከቃራርብ ዝፈተነሉ ግዝያት ክረአ ጸኒሑ እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ'ውን እዩ ኣብ ዝካየዱ ሰላማዊ ሰልፍታት ሓሓሊፎም ዘጋጥሙ ናይ ሞትን መቑሰልትንኳ እንተጸንሑ ኣብዚ ሕጂ ዝካየድ ዘሎ ተቓውሞታት ፖሊስ ይኹኑ ሰራዊት ነቲ ሰልፍታት ንምብታን ዝጥቀምሉ ማይን ጋዝን ዳኣምበር ከምቲ ኣብ ግብጽን ሱዳንን ዘጋጠመ፡ ብዙሕ ዝሞተሉን ዝቖሰለሉን ጭፍጨፋ ኣብ ልዕሊ ዝኣደመ ህዝቢ ኣየጋጠመን። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሰራዊት ግን ሕገ-መንግስቲ ኣብ ዘይብሉ ሃገር ነየናይ ሕገ-መንግስቲ እዩ ጠጠው ክብል። ሕገ-መንግስቱ ናይ ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሰያስ ኣፈወርቂ እንኮ ቀጣን ትእዛዝ ብዘይሕቶን ርእይቶን ዕረ እናጠዓሞ'ውን እንተኾነ መፍጸም ጥራሕ ኢያ ዘላቶ።

ኣብ ኣልጀርያ ሰልፍታት ጥራሕ ዘይኮነስ ጸለውቲ ዝኾና ሰቪካዊ ማሕበራት ናይ ፈራዶን ጠበቓታትን፡ ሓካይም፤ ተማሃሮ፡ ሰራሕትኛታት ወዘተ ውዳበታት ዝነጥፍሉ ባይታ ዝጸንሐ እዩ። ኣብ ኤርትራ እዚ ኣይሕሰብን ጥራሕ ዘይኮነስ እቲ ንኤርተራ ዝገዝእ ዝነበረ ስርዓት ደርግ ከምቲ ኣብ ፈረነሳይ ናይ ሊበራል ስርዓት-ምሕደራ እትኽተል ሃገር ዘይኮነትስ ፋሽሰታዊ ስርዓት-ምሕደራ ዝነበራ፡ ንውልቀ መላኺ ሰርዓት እሰያስ ኣፈወርቂ ቀንጻሊ ባህሪኡ እተራጉደሉ'ምበር፡ ብኣወንታ ትጸለወሉ ቅንጣብ ተሞኩሮ ኣይነበራን።

ኣብ ኣልጀርያ ኣብ ቁጠባውን ማሕበራውን ወፍሪታት ዋላ እኳ እቲ ገዛኢ ሰልፊ ነቲ መንግስታዊ ቢሮክራስያዊ መሓውራቱ ብብልሽውና ዝጥቀመሉ ናይ ጽግዕተኝነት ዓስብታቱ ዘኻዕብተሉ መሳርሒታት ዘለዎ እንተኾነ፡ ሃብታማት ሰብ-ርእሰ-ማል ማእከሎትን ታሕተዎትን ነጋዶ ከይተረፉ ርእሰ-ማሎም ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ዝጥቀሙ ጸኒሖም እዮም። ኣብ ኤርትራ እዚ ኣብ መላእ ቁጽጽር ናይቲ ገዛኢ ስርዓትን ኣብ ምሕረት ውልቀ መራሒኣን ዝወደቐ ኮይኑ፡ ናጻ ዕዳጋ ዝባሃል ዝሕሰብ ኣይኮነን።

ኩሎም ናይ ስልጣን ቢሮክራስያዊ መሓውራቱ ብብልሽውና ዝጠስጠሱ ናይ ጉቦን ስርቅን መሳርሒታት እዮም። ኣብ ሃገራዊ ሓርነታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኣልጀርያ ዝሰንከሉ ሓርበኛታት ብዝተወሰነ ደረጃ'ውነ ይኹን ኣብ ብዙሕ ናይ ቁጠባውን ማሕበራውን ኣገልግሎት ምድግጋፍ ክገበረሎም እንከሎ፡ ኣብ ኤርትራ ግን ኣሸንኳይ'ዶ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣገልግሎት ክረኽቡስ ዕለታዊ ናብራና ይመሓየሸልና ኢሎም ድምጾም ከስምዑ ዝተላዕሉ ሓርበኛታት ሓርነት ውጉኣት'ውን እንተኾነ ብዘይንሕስያ ዝጭፍጭፍ ጨካን ኣረሜናዊ ስርዓት እዩ።

ድሕሪ ነጻነት ኣልጀርያ እቲ ዝተዓወተ ሰልፊ ግንባር ሓርነት ኣልጀርያ ይኹን ህዝቢ ኣልጀርያ፡ ናይ ብዙሓት ንሓርነት ዝቃለሱ ሓይልታትን ህዝብታትን ዓለም ደጀን ኮይና ዝተደጋገፈት ሃገር እያ። ንሰውራ ኤርትራ ውን እዚ እምነት'ዚ ሒዛ ኣብ ሓርነታዊ ተጋድልኡ ተደጋጊፋቶ እያ። ናይ ኢትዮ-ኤርትራ ግጭት ብሰላም ክፍታሕ'ውን ኣብቲ ግዜ እቲ ፕረዚደንት ቡቶፍሊቃ ዝመርሖ ውድብ ሓድነት ኣፈሪቃ ኣቦ-መንበሩ ዝነበረ ብምኳኑ፡ ኣብ ምዕዋቱ ኣልጀርያ'ውን ናቶም ተራ ተጻዊቶም እዮም። ጀንዳዊ ኣመራርሓ ህዝባዊ ግንባር ግን ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ፡ ኣሸንኳይ'ዶ ከምዚ ናይ ኣልጀር ንውጹዓት ህዝብታት ዓለም ክድግፉስ፡ ንሓርነቱ ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈለ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ'ውን እንተኾነ፡ ሓርነቱ ክጓናጸፍ ኣፈቒድሉን።

ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኣልጀርያ ብሓፈሻ፡ ብፈላይ ካኣ ድሕሪ ሓርነቶም ኣብ ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ዘለዎም ተሞኩሮታት ካብ ረአና፡ ንሕና ኤርትራውያን ኣብ መስርሕ ሰላማዊ ኣገባብ ቃለሲ ከምቲ ናቶም ተሞኩሮ ስለ ዘይብልና፡ካብኦም እንመሃሮ ተሞኩሮ ብዙሕ እዩ። እዚ ብሓደ ሸነኽ ኮይኑ ኣብዚ ሕጂ ጸረ ጨቋኒ ስርዓት ቡቶፍሊቃ ዝተኻየደን ዝቕጽል ዘሎን ህዝባዊ ናዕቢታት ናይ ስቪል ዲስኦቢደንስ /ናይ እምቢታ/ ተቓውሞ ካብኡ እንማሃሮ ብዙሕ እዩ። እዚ ምስ ጭቡጥ ወድዓዊ ኩነታት ሃገርናን ጨፍጫፊ ባህሪ ስርዓት ህግደፍን

ብምዝማድ ከምቲ ካብ ተሞኩሮ ህዝቡ ሱዳን ክንቀስሞ ዘለና ተሞኩሮታት እንጽናዕናዮም ከንከዶም ዘለዉና ጥበብ ናይ ቃልሲ ኣለዉ እዮም።

እቲ ወድዕነት ከምዚ ይዀን ዳኣምበር እቲ ሕጂ ምስ ጭቡጥ ኣተሃላልዋና ዝኸይድ ጥበብ ቃልሲ እቲ ኣቐዲምና ኣብ ዝቐደመ ሕታምና ዝገለጽናዮ ተታሒዙ ዝጸንሐ ኩሉ መዳያዊ ኣገባብ ቃልስና ቀጻሊ ብምግባር፡ ህዝባዊ ደሞክራስዊ ዕላማታት ሰውራና ሽቶኦም ክወቕዑ ምርብራብ እዩ ዘድሊ ንብል።

# ናይ ኣንበብቲ ዓምዲ

ክቡራት ኣዳለውቲ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ፡ እዛ ሕጽር ዝበለት መልእኽተይ ከም ዝሸውን ገይርኩም ኣብ ናይ ኣንበብቲ ዓምድኹም ከተስፍሩላ ብትሕትና እሓትት።

## ካብ ኵናትን ወረ ኵናትን ዘይዓርፍ ስርዓት፡

ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ባዕዳውያን ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያን ደገፍቶም ርእሰ-ሓላን ሃገራትን፡ ን30 ዓመታት ብዘካየዶ ብረታዊ ተጋድሎ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ናይ ህይወት ዝኸፈለ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ዝርካቡ ጥሪቱ፡ ንብረቱን ገንዘቡን ከቢድ ጉድኣት ወሪዱዎ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ሂወቱ ተናጊዑ፡ ብድሕረትን ድኽነትን ዛንዛን ኢሉ ከም ዝተጎሳቖለ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ።

ኤርትራ ነጻን ልኡላዊትን ሃገር ምስ ኮነት፡ ህዝባ ሰላም ረኺቡ ደሞክራስዊ ስርዓተ-ምሕደራ ተኺሉ ብሾናት ዝዓነወ ማሕበረ-ቁጠባዊ ትሕተ-ቅርጻ ሃገሩ ክጸጋግንን ከማዕብልን፡ መነባብርኡ ከሕውን፡ ካብ ድሕረትን ድኽነትን ክገላገልን ልዑል ትጽቢታት ነይሩዎ። እዚ ኣብ ውሽጢ ኮይኑ፡ ብወጻኢ ካኣ ኣብ ርሑቕ ዝርከቡ ሃገራት ኮይኑ ብቐረባ ዝርከቡ ጎረባብቲ ሃገራትን ህዝብታትን፡ ኣብ ማዕርነትን ኣብ ናይ ሓባር ረብሓን ምክብባርን፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢድ ዘይምትእትታውን ኣብ ሓባራዊ ሰላማዊ ናብራ ዝተሰረተ ጥዑይ ዝምድናታት ክህልዎ እዩ ትጽቢታቱ ነይሩ።

ኮይኑ ግን ብተፈጥርኡ ካብ ኵናትን ወረ ኵናትን ክላቐቕ ዘይክእል ጸረ-ህዝቢ ጻሕታሪ ኵናት ስርዓት ህግደፍ ኣብ ከንዲ ብሾናት ዝዓነወት ሃገር ዘሕውን ዝሃንጽን፡ ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ህዝቢ ኤርትራ ሰላም ረኺቡ ሓረስታይ ከይሓርስ፡ ነጋዳይ ከይነግድ፡ ተማሃራይ ከይማሃር፤ ሰራሕተኛ ሰሪሑ ሂወቱን ስድራ-ቤቱን ከይመርሕ፡ ብግስ ከይባለ ነዛ ንእሽቶ ውልዶ ሓዳስ ሃገር፡ ብኣርባዕተ መኣዝን ሓዊ ነስኒሱላ በብተራ፡መጀመያር ምስ የመን፤ ቀጺሉ ምስ ሱዳን፡ ቀጺሉ ምስ ጁቡቲ፡ ኣብ መጨረሽታ ካኣ እታ እንኮ ዝተረፈቶ ኢትዮጵያ ብሃንደበት ዘይሓሰበቶን ዘይተጸበየቶን፡ ሰላም ኣለኹ ኢላ ከይፈተወት ተገዲዳ ናብ ኵናት ክትሸመም ከም ዝገበራ ኩልና እንፈልጦ ሓቂ እዩ።

በዚ ካብ ኵናት ዘይዓርፍ ስርዓት'ዚ ህዝብና ይኹን ዞባና፡ ሰላም ሓርቢቱዎ /ሓሪሙዎ/ ብከበድቲ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት ጉደኣት ወሪዱዎ፡ ሃገርና ካብ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ተነጺላ ካብ ድሕረትን ድኽነትን ክትናገፍ ኣይካኣለትን። ሕጂ ካኣ ምስ ኢትዮጵያ ሰላም ተገይሩ ተባሂሉ ከብቅዕ፡

ስርዓት ህግደፍ ናይ ዅናት ነጋሪቱ ይሃርም ኣሎ። ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ክንዲ ናይ ግዜ ገደብ ተገይሩሉ፡ ዝማሃር ይኹን ኣብ ማእቶት ክዋፈር ዘለዎ መንእሰይ ወለዶ ቀሲኑ ሂወቱ ከይመርሕ፡ እዚ መደብ'ዚ ብዝገደደ ተጠናኺሩ ክቕጽልን ብሓይሊ እናገፈፍካ ወተሃደራዊ መስርዑ ክመልእን፡ ቀጻሊ ናይ ፈኵስን ከቢድን መሳርያታቱን ታዕሊም ስልጠናታት ከካይድን፡ "ወያነ መዓስ ደቂሱልና" እናበልካ ምልዕዓላት የካይድ ኣሎ።

ሕጂ'ውን ኣብ ገሊኦም ጎረባብቲ ሃገራት ውዒሉ ሓዲሩ ሓደጋ ከውድቕ ምዃኑስ ኣይጠራጠርን። ጥርጠራታተይ ወይ ግምታተይ ግን፡ ናብ መን ጎረቤት ይኸውን ዝብል ከምቲ "ናብ ዓጋም ዝተጸገዐት ቆልቋልስ ንዘለኣለም እናነብዐት ትነብር" ዝባሃል ምስላ ኣቦታት፡ ሕጂ'ውን ሰዓቱ ምስ ኣኸለ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢትዮጵያ ክኣቱን ሰላሞም ክዘርግን ካብ ምዃን ሓሊፉ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን ናብ ዝብል መደምደምታ በጺሐ። ስለዚ ካኣ ሃገርና ትኹን ዞባና፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ናይ 28 ዓመታት'ዚ ዘቤታዊ መግዛእታዊ ስርዓት ህግደፍ ገሊኡ ናይ ኵናት፡ ገሊኡ ካኣ ኣይሰላም ኣይኵናት ብምትኻላትን ኢድ ብምትእትታዋትን እቲ ዞባ ክሕምስ ብምግባር ዝሕለፎ ኣዕናዊ ናይ ብርሰት ኣስካሕካሒ ዘይቅሱን ተሞኩሮ ኣብ ክንዲ ንዕኡ ምሕዋይ ዝምድናዊ ሰላም ጌርካ ተደጋጊፍካ ምኻድን፡ ዘራጊት ላም እንከላ ጽሩይ ማይ ነይስተ ከም ዝባሃል፡ ካብ ኵናትን ወረ ኵናትን ዘይዓርፍ ስርዓት ህግደፍ ሒዝካ፡ ዘላቒ ዘተኣማምን ሰላም ክርከብ ማለት ዘይሕሰብ እዩ።

ስለ ዝኾነ ካኣ እዚ ስርዓት'ዚ ኢደይ-ኢድካ ኢልና ኩልና ብሓደ ተደጋጊፍና ቀልጢፍና እንተዘይወጊድናዮ፡ ሃገርን ከም በዓል ሶማልን ሶርያን ዝወደቐት ሃገር ኮይና፡ ከምዚ ኣብ ዞባናን፡ ምዕራብን ሰሜንን ሃገራት ኣፍሪቃ ዝረአ ዘሎ መዕነዊ ተርእዮ መዐንደሪት ግብረ-ሽበራውያን ሓይልታት ከይትኸውን እዩ ስግኣተይ።

በረኸት ገ/ሚካኤል፡
ካይሮ ግበጺ፡

ናብ ኣዳለውቲ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ፡ ኣቐዲመ፡ ሕውነታዊ ሰላምታይ ይብጻሕኩም። ኣስዒበ፡ መራሕቲ ህግደፍ ዘይግበኦም ክብርን ምስጋናን ዘይምርካቦም፡ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ቅሬታኦም ከስምዑ ስለ ዝሰማዕኩ፡ ብዛዕበ'ዚ ኣመልኪተ ገለ ክብል ኣለኒ ብምባል፡ ንእሽቶ መልእኽቲ እሰደልኩም ኣለኹ'ሞ፡ ከም ዝኸውን ጌርኩም፡ ኣብ ናይ ኣንበብቲ ዓምዲ መጽሔትኩም ከተስፍሩለይ ብትሕትና እሓተኩም።

## "ዝብእስ ኣብ ዘይፈልጡዎ ዓዲ ከይዱ ማእሲ ኣንጽፉለይ ይብል"

ናይ 2019 መበል ፩00 ናይ ሰላም ኖቤል ሽልማት፡ ንቀዳማይ ምኒስተር ኢትዮጵያ ዶክተር ኣብይ ኣሕምድ ከም ዝተዋህበ ዝፍለጥ እዩ። መሸለሚኡ ምኽንያት ካኣ ብተረድኦን ግንዛበን ናይቲ ሸላሚ ትካል፡ ዶክተር ኣብይ ሰሪሖም ዝበሉዎ ናይ ሰላም ተግባራት ንምምስጋን፡ ንዝተረፍዎ ዕማማት ንክዓምም ድማ መተባብዒ ንክኾኖ ብምባል እዩ እቲ ሽልማት ተዋሂብዎ።

ኣነ ብዛዕባ'ቲ ንዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ዝተዋህበ ናይ ኖቤል ሽልማት ኣመልኪተ ክዛረብ ኣይኮንኩን እንታይ ዳኣ፡ ምስ'ቲ ምዕዳል ሽልማት ዝተዛመደ ምኽንያት፡ ብወገን ጭፍራ ህግደፍ ክስማዕ ዝቐነየ ዘይቅኑዕ ቅሬታ ኣመልኪተ ገለ ክብል ስለ ዝደለኹ'የ። ንሱ ካኣ ጉጅለ ህግደፍ ንነብሱ ንጹህን ሃወርያ-ሰላምን ገይሩ ብምርኣይ "ጉዳይ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓባር ስለ ዘምጻእናዮ፡ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ'ውን ሓቢሩ ክሽለም ነይርዎ" ዝብል ጉዳም ርእይቶ ክህቡ ተሰሚዑ እዩ። ጉጅለ ህግደፍ እንታይ ናይ ሰላም ተግባራት ምስ ሰርሐ እዩ ክሽለም ነይሩኒ ዝብል ዘሎ? ምንም ዘገርም እዩ!፡

ብናይ ህግደፍ ኣተራጓጉማ፡ ሰላም ማለት፡ ኣብ ሃገር ሓደ ፖለቲካዊ እምነትን ፓርትን ጥራሕ ክህልዉ ምግባር፡ ካብዚ ወጻኢ ንዝህሉ ምእጋድን ምዕፋንን ኢዩ። ሰላምን ምርግጋእን፡ ደሞክራስን ልምዓትን ኣብ ሃገርና ከይህሉን፡ ህዝቢ ከይጥቀምን ከይምዕብልን ምግባር። ኩሉ ሃገራዊ ሃብቲ ብመንግስቲ ክግበት ህዝቢ ክጠምን ክደክን፡ ናብ ስደት ሃጽ ኢሉ ብሚልዮናት ክጠፍእን መንነቱ ክሃስስ ምግብር። መንእሰይ ወለዶና ብኩሉ እንትንኡ ክጽገምን መንፈሱ ክጽልምትን ምግባር፤ ካብ ትምህርቲ፡ ስራሕን ናብራን ቤተሰብን ብምፍንቓል ናብ ዘበናዊ ጊላ ብምቕያር ንገዛእትን መዝመዝትን መሓውራት ህግደፍ ብኩሉ እንትነኦም ከገልግሉ ምግባር እዩ።
ኣብ ህዝብን ሃገርን ሕግን ፍትሕን ክሳኣን ብምግባር፡ ብሓይልን ኣድልዎን ምምሕዳር፡ ብዘይ ሕግን ሕጋዊ ክስን ፍርድን፡ ሰባት ምእሳር፡ ምቕታልን ምስዋርን። ህዝብን ሃገርን ብምድካይ ልዑላውነቶም ብምግሃስ፡ ናብ ዋጋ-ዕዳጋ ብምውራድ መጥቀሚ ናይ ዝተፈላለዩ ናይ ግዳም ሓይልታት ክኾኑ ምፍራድን ዓስቢ-ጻማ ዕሱብነት ምርካብን። ከባብውን ዓለማውን ሕግታትን ውሳነታትን ብምጥሓስ፡ ናይ ጎረባብቲ ሃገራትን ህዝብታትን ልኡላውነት ምድፋር፡ ኣብ ዘላቒ ምትንኳልን ኩነተ-ውግእን ምንባር፡ ሃገራዊ ዓቕሚ-ሰብ ንከንቱ ክመውትን ክስንክልን፡ ቁጠባዊ ሃብቲ ሃገር ኣብ ዘይፍትሓዊ ኾናት ክህሞኽ ምግባር።

ኣብ ዘይሕጋዊ ንግዲ ኣጽዋርን ሕሩማት ሓሽሻትን ብምውፋር፡ ዘይሕጋዊ ውልቃውን ጉጅላውን ሃብቲ ምውህላልን ምኽዕባትን ወዘተ ዝኣመሰሉ ተግባራት ምክያድ ማለት፡ ብኣተሓሳስባን ተግባርን ናይ ህግደፍ፡ ከም ናይ ሰለምን ምግባረ-ሰናይ ስራሓት ተገይሮም ዝውሰዱን ዝግለጹን እዮም። ይኹን ዳኣምበር እዞም ዝተጠቕሱ ተግባራት እዚኣቶም፡ ኩሉም ካብ ምግባረ-ሰላምን ምግባረ-ሰናይ ስራሓትን ዝረሓቑ ጸረ ሰላምን ሰብኣውን ደሞክራስን መሰላት፡ ጸረ ልምዓትን ዕብየትን፡ ጸረ ፍትሕን ርትዕን፡ ጸረ ጠዑይ ጉርብትና፡ ምሕዝነትን ሕውነትን ወዘተ እዮም። ስለ ዝኾነ እዞም ናይ ህግደፍ ነውራማት ኣታሓሳስባን ተግባራትን እዚኣቶም ዘሽልሙን ምስጋና ዝወሃቦምን ዘይኮኑስ፡ ብኣንጻሩ ብገበን ዘሕትቱን ብከቢድ ዘፍርዱን እዮም።

ጉጅለ ህግደፍ ግን ንጹህ ክመስል ሕፍር-ሕንኽ ከይበለ ከምቲ "ዝብእስ ኣብ ዘይፈልጡዎ ዓዲ ከይዱ ማእሲ ኣንጽፉለይ ይብል" ዝባሃል፡ ገበነኛ ክነሱ ከም ናይ ሰላምን ግብረ-ሰናይ ሰብ ቆጺርኩም ናይ ኖቤል ሽልማት ክትሽልሙኒ ነይርኩም፡ ብዝብል ቅሬትኡ ክገልጽ ቀንዩ እዩ። እዚ ርእይቶ'ዚ ዘገርምን ግርምቢጥን እኳ እንተኾነ፡ ብኣተሓሳስባን ኣንደበትን ጉጅለ ህግደፍን ደቀ-መዛምርቱ ዝኾኑ ጨቆንትን ኣዕነውትን ስርዓታትን ግን ነውሪ ኣኮነን ጥራሕ ዘይኰነስ ክሳብ ዕለተ-ውድቀቶም ክም ጽቡቕ ወሲዶም እናተመነይዎን እናበልዎን ዝቕጽልሉን እዩ። ስለዚ ናይ ህግደፍ ናይ ምሽላም ድሌትን ሃንቀውታን ቅንዕነትን ቅቡልነትን ስለ ዘይብሉ፡ ዝኹነ ውልቀ ሰብ ይኹን ተቓላሳይ ህዝብና፡ ክነጽጎ'ምበር ክግደሰሉን ቦታ ክህቦን ኣግባእን።

እቲ ዝያዳ ከገድሰና ዘለዎ፡ ህግደፍ ንዘለዎ ዘይቅዱስ ድሌትን ኣብረስትን ኣዕነውትን ኩሉ-መዳያዊ ተግባራቱን ሒዙ ካብ ስልጣን ንክውገድ እንገብሮ ዘለና ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ተወሃሂድናን ተደጋፍናን ብብቕዓት ክንቃለስን፡ ናብ ዛዛሚ-ዓወት ንክንበጽሕ ክንረባረብ ጥራሕ እዩ ዝህልወና እብል።

ዮናስ ተኽላይ፡
ሪፓብሊክ ደቡብ ሱዳን፡ ጁባ፡

# ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!